
# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 33 ዓመት ቁ.190 | ሰሉስ 9 ሚያዝያ 2024 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ድሕሪ መጥቃዕቲ ልቢ ክንክተሎ ዝግበኣና ኣመጋግባ


ገጽ 3


ቋንቋ፣ ትርጉምን ኣተረጓጉማን

ገጽ 4
“ባሕሪ’ ወንምውሳኽ ኣይጸልእን ‘ዩ”


ገጽ 5

ወለዲ ዝኽተልዎ ኣተኣላልያ ውለድ

ገጽ 7
ደንደንን ኣልታሕረርንንጥቢ ተማቒለን



# ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ንፍሉይ ልኡኽ ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይና ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ኣዘራሪቡ

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ብ7 ሚያዝያ ኣብ ሰዓታት ቅድሚ-ቐትሪ፡ ንፍሉይ ልኡኽ ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይና ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ - ኣምባሳደር ሹ ቢንግ፡ ኣብ ኣዳራሽ ደንደን ተቐቢሉ ኣዘራሪቡ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስን ኣምባሳደር ሹን፡ ኣብ ምዕባለታት ስትራተጂያዊ ዝምድናታት ኤርትራን ቻይናን፡ ከምኡ’ውን ንኽልቲአን ሃገራት ኣብ ዘገድሱ ዞባውን ኣህጉራውን ጉዳያትን ምዕባለታትን ብዕምቈት ዘትዮም።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ኣብ ክልተኣዊ ዝምድናታት - ብፍላይ ኣብ ልምዓታዊ ምትሕግጋዝ ዝያዳ ምስራሕ ንኽልተኣዊ ረብሓ ምኳኑ ብምምልካት፡ ብወገን ኤርትራ ግቡእ ምድላዋት ተገይሩ ከምዘሎ ኣሚሩ።

ኤርትራ፡ ምትሕግጋዝ ቻይናን ሃገራት ኣፍሪቃን ንምድልዳል ዝካበር ጻዕሪ ከምእትድግፍ፣ ዝመጽእ ወርሒ. መስከረም ኣብ በይጂን ኣብ ዝቃናዕ ‘ዋዕላ ምትሕብባር ቻይናን ኣፍሪቃን’ - FOCAC ክትሳተፍ ንዝቐረበላ ዕድመ ከምእትቕበሎ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣረጋጊጹ።

ሰላምን ርግኣትን ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ሃገራት’ቲ ዞባ ብዘዙበራኦ ክፉት ክልተኣዊ ዝርርብ ከምኡ’ውን እቲ ጉዳይ ብቐጥታ ዝምልከተን ሃገራት ብዘውድብኦ መድረኻት ጥራይ ክረጋገጽ ከምዘኽእል ብምጥቃስ፡ ካብዚ. ወጻኢ. ዝወሰድ ተበግሶታትን ዝኽተል ኣሊያታትን ወጽኢታዊ ከምዘይከውን ደጊሙ ኣገንዚቡ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ሰላም ዝሰፈኖ ዞባ ምርግጋጽ ናይ ቀዳምነት ቀዳምነት ናይ ወጻኢ. ፖሊሲ. ኤርትራ ከምዝኾነ፡ ዞባ ክበሃል እንከሎ ንቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ቀይሕ ባሕሪ፡ ተፋሰስ ኒልን ወሽመጥ ዓረብን ስለዝጠቓልል ድማ፡ እስራኤል ኣብ ወሽመጥ ጋዛ ትፍጽሞ ዘላ ናይ ዓሰርተታት ኣሽሓት ኣልማማሚ. ቕትለትን መቕሰልትን ከምኡ’ውን ጠቕላላ ዕንወት ትሕተ-ቅርጺ. - ንዞባዊ ሰላም ዝዘርግ ብምዃኑ፡ ኤርትራ ከምዘይትድግፎ ገሊጹ።

ኣምባሳደር ሹ ቢንግ ብወገኑ፡ ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይና - ንናጽነት ዘይሻራውን ፖለሲ. ወጻኢ.ን ንጹር መርገጺ.ን ኤርትራ ከምእተኽብሮ፣ ከምኡ’ውን ተራ ኤርትራ ኣብ ምርግጋጽ ሰላምን ርግኣትን ናይ’ዚ. ዞባ ብሓፈሻ፡ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ድማ ብቐንዱ - ዓቢ.ን ኣገዳስን ምዃኑ ከምእትኣምን ኣረጋጊጹ።



ኣብ’ቲ ርክብ፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ. ኣቶ ዑስማን ሳልሕ ተሳቲፉ ነይሩ።

ፍሉይ ልኡኽ ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይና ኣምባሳደር ሹ ቢንግ፡ ኣብ ወርሒ. ታሕሳስ 2023 ኣብ ዝገበሮ ተመሳሳሊ. ርክብ፡ ክልቲአን ሃገራት ታሪኻውን ስትራተጂያውን ዝምድናአን ብምድልዳል - ኣንጻር ዕብለላን ጉዝ ኣተሓሳስባን ዘኪይዳኦ ሓባራዊ. ቃልሲ. ከምዝሓይሉ ዘለዎ እምነት ጸኒዑ ምዃኑ ገሊጹ ነይሩ።

# ዓለማዊ መዓልቲ ጥዕና ብደረጃ ሃገር ኣብ ኣስመራ ተዘኪራ

ዓለማዊ መዓልቲ ጥዕና፡ “ኣገልግሎት ጥዕና ምርካብ መሰለይ እዩ” ብዝብል ቴማ፡ ብደረጃ ሃገር ትማሊ. 8 ሚያዝያ ኣብ ኣስመራ ተዘኪሩ።

ሓለፍቲ ክፍልታት ሚኒስትሪ ጥዕናን ወከልቲ ኣብ ኤርትራ ናይ ዝመደበረን ትካላት ውሑዳን ኣብ ዝተረኽብሉ ኣጋጣሚ፡ ኣብ ሚኒስትሪ ጥዕና ግዚያዊ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ. ህዝባዊ ጥዕና ዶ/ር ዓንደብርሃን ተስፋጽዮን፡ ኣብ ሃገራዊ ቻርተርን ማእሮ ፖለሲን ዝተሰረተ ሃገራዊ ፖሊሲ. ጥዕና - ኣብ መሰረታዊ ክንክን ጥዕና ዝተመርኮሰ ምዃኑ ብምሕባር፡ ኣገልግሎት ጥዕና ንምምሕያል ከም ወጽኢቱ ድማ ዜጋታት ብቐሊሉ ኣገልግሎት ንክረኽቡ፡ በብእዋኑ ኣብ መርሓ ጥዕና ምትዕርራይ እናተገብረ ብዕቱብ ይስራሓሉ ከምዘሎ ገሊጹ።

ካብ ህዝብና እቲ 70 ሚእታዊት ኣብ ወሸጢ. ሓሙሽተ ኪሎሜተር፣ 80 ሚእታዊት ድማ፡ ኣብ ወሸጢ. 10 ኪሎ-ሜተር ኣገልግሎት ጥዕና ይረክብ ምህላዉ. ድማ ኣረዲኡ።

ሞያዊ ዓቕሚ ሰብ ብዝበዝሕን ክእለትን ዓመታዊ ብኣርባዕተ ሚእታዊት ዕቤት የመዝግብ ከምዘሎ፣ ሽፈነ ክታበት ብ98 ሚእታዊት፡ ብዓይነት ከኣ ናብ 12 ሚእታዊት ከምዝበረኸ፣ ማጠን መልከፍቲ ተመሓላለፍቲ ሕማማት ኣዝዩ ከምዝወረደ፣ ተጠቀምቲ ዓይኒ-ምድሪ ኣብ ገጠራት - ኣስታት 80 ሚእታዊት ከምዝበጽሐ ጠቒሱ።

ወከል ቤት-ጽሕፈት ውድብ ጥዕና ዓለም ኣብ ኤርትራ ዶ/ር ኖኾ ኢጆፎር ብወገኑ፡ ኣብ ዝሓለፈ. 10 ዓመታት ኣብ ዞባና ብንጡፍ ተሳቲፎ ኣብል ሃገራት ኣደማዊ. ስራሕ ከምእተዓመ ብምምልካት - ማጠን ሞት ኣደታት፡ ሞት ትሕቲ ሓሙሽተ ዓመት ዝዕድመኦም ህጻናት፡ ሓደሽ መልከፍቲ ‘ኤች.ኣይ.ቪ/ኤይድስ. . . ብኣዝዩ ኣጉዲሲ. ሚእታዊት ከምዝወረደ ብኣሃዝ ዝተሰነየ ሓበሬታ ሂቡ።





ዓመት መጸኣ 7 ሚያዝያ እትኽበር ዓለማዊ መዓልቲ ጥዕና፡ ሎሚ ዓመት ብደረጃ ሃገር ንመበል 28፣ ብደረጃ ዓለም ድማ ንመበል 76 ግዜኣ ተዘኪሩ።

## ሓበሬታ

ብዛዕባ ምስራቕ ሂላል ወርሒ. ሽዋል 1445 ህጅሪያ/2024 ዓ/ም

ምስራቕ ሂላል ወርሒ. ሽዋል 1445 ህጅሪያ/2024 ዓ/ም ትማሊ. ምሸት ስለዘይተረጋገጸ፡ ሎሚ ሰሉስ 9 ሚያዝያ ዛዞሚት ወርሒ. ሮሞዳን ተቐጺሩ፡ ዒድ ኣልፈጥር ጸጋሕ ረቡዕ 10 ሚያዝያ ምዃኑ ንሕብር።

ቤት-ጽሕፈት ኢፍታእን እስላማዊ ጉዳያትን
በዚ. ምኽንያት፡ ረብሐን ሓመሰን ህዝባዊ በዓል ምዃኑ ንሕብር።
ዒድ መባረኽ!

# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ድሕሪ መጥቃዕቲ ልቢ ክንክተሎ ዝግበኣና ኣመጋግባ

ኣብ ግዜ መጥቃዕቲ ልቢ፡ ኦክስጅን ዝተሰከመ ደም ናብ ልቢ ከም ንቡር ምብጻሕ የቋርጽ። ጭዋዳታት ልቢ ክኖኽሙን ክሞቱን ይጅምሩ።

መጥቃዕቲ ልቢ ዘኾኑ ሕማም ብምኳኑ ቅልጡፍ ሕክምናዊ መርመራን ረድኤትን ዘድልዮ ጥዕናዊ ጸገም እዩ።

ወሐዶት ኣብ ልቢ ዘጋጥሙ ጸገማት፡ ጠንቂ መጥቃዕቲ ልቢ ኮይኖም ይጥቀሱ እዮም። ሓደ ካብቲ ዝዓበየ ልሙድ ጠንቂ ናይዚ ሕማም ኣብ ሻምብቆታት ኣርተሪ ዝፍጠር ዘይንቡር ቁጻለ እዩ። እዚ ቁጻለ'ዚ ደም ናብ ጭዋዳታት ልቢ ንኸይሓልፍ ዝኸልከል እዩ።

መጥቃዕቲ ልቢ ኣብ ሻምብቆታት ደም ብዝፍጠር ምርጋእ ደም'ውን ክስዕብ ይኽእል እዩ። ብወሐድ ማጠን ኣብ ሻምብቆታት ደም ብዝርአ ምጭባጥ መጥቃዕቲ ልቢ ክስዕብ ይኽእል።

መጥቃዕቲ ልቢ ምስ ዘጋጥመና ኣብ ኣመግባና ግቡእ ጥንቃቐን ኣደህቦን ክንገብር ይግባእ። ኣመጋግባና ኣብ ኣሕምልቲ፡ ፍረታትን ጥረታትን፡ ከምኡ'ውን ጥዑና ኣብ ዝሀቡ ከም ሳልሞኔ ዝኣመሰሉ ዓይነት ዓሳታትን ስብሒ ዘይብሉ ስጋን ክኸውን ይምረጽ። ጨውን ሽኮራዊ መግብታትን ስብሕን ዝተቐለወ መግብታት ካብ ምምጋብ'ውን ክንቁጠብ ይግባእ።

ሓንሳብ መጥቃዕቲ ልቢ ምስ ዘጋጥመና፡ ተወሳኺ ካልእ መጥቃዕቲ ወይ ወቕዒ፡ ከምኡ'ውን ካልእ ሓልክታት ከየጋጥመና ግቡእ ጥንቃቐን ክንክንን ክንገብር ኣሎና። ኣብ ኣካብራና ብሓፈሻ፡ ኣብ ኣመጋግባና ድማ ብፍላይ ለውጢ ምግባር፡ ተወሳኺ መጥቃዕቲ ልቢ ከጋጥመና ንዘሎ ተኽእሎ ከም ዘጉድሎ ክስተብሃል።

**ንጥዕና ልቢ ዝጠቕሙ መግብታት**

ኣሕምልትን ፍረታትን፡
ፋልን ጥረታትን፡
ዓሳን መግብታት ባሕርን፡
ባህርያዊ እኽሊ (whole grains)፡
ካብ ኣትክልቲ ዝተሰርሐ ዘይቲ (ንኣብነት ዘይቲ ኣውሊዕ)፡
እንቋቑሖ (ኣብ ሰሙን ክሳብ ሸዱሽተ ሳዕ ክንበልዕ ግን ኣይግባእን)፡



ስብሒ ዘይብሉ ስጋ ገለ ካብቶም መጥቃዕቲ ልቢ ዘለዎ ሰብ በዝሒኦም ክወስዶም ዝግብኦም መግብታት እዮም።

እዞም ልዒሎም ዝተጠቕሱ መግብታት ብትሕዝቶ ስብሒ ዝሃቡ ኣይኮኑን፡ ምጡን ናይ ጨውን ሽኮርን ትሕዝቶ ድማ እዩ ዘለዎም።

ዝተዓሸጉን ተማስሪሖም ዝቐረቡን ኣሕምልትን ፍረታትን ኣብ ክንዲ ሓደሽ ኣሕምልትን ፍረታትን ክንጥቀመሎም/ ክንወስዶም ይከኣል እዩ። ይኹን'ምበር ክምስርሑ እንከለዉ ንዝሕወሶም መኣዛታት ከም ሰደየም፡ ቀብኣትን ሽኮርን ክንስተብሃሎም ይግባእ።

ዓሳ ዝበለጸ መግቢ ንጥዕና ልብና እዩ። ቀብኣት ዘለዎም ዓይነት ዓሳ (Oily fish) ዝያዳ ተመራጽቲ እዮም። እዞም ዓይነት ዓሳዝኦም 'ኦሜጋ-3' (omega-3) ብዝተባህለ ስብሓዊ ኣሲድ ዝሃብተሙ እዮም። መጉዳእትን ምቁጻልን ኣብ ልቢ ከጋጥም ንዘሎ ተኽእሎታት የጉድሉ። ዝተዓሸጉ ዓይነት ዓሳ ምምጋብ ይከኣል'ኳ እንተኾነ ኣብ ትሕዝቶኦም ግቡእ ቆላሕታ ምግባር ግና የድሊ።

እንተተኻኢሉ ኣብ ሰሙን ክልተ ሳዕ ዓሳ ክትምገብ ዕማማ ክትገብር ይግባእ።

ካብ ዓይነት ዝስተ ነገራት፡ መጥቃዕቲ ልቢ ዘጋጠሞ ሰብ ክወስዶ ዝግባእ እቲ ዝበለጸ ፈሳሲ ማይ እዩ። ዘድሊ እኹል ማይ ክትወስድ ምእንቲ፡ ጸማቕ ለሚን፡ ከክምባር፡ ስትሮወብሪ ወዘተ ክትሕውሰሉ ይከኣል እዩ።

ክንኣልዮም ዝግባኦና መግብታት

ክኢላታት ስነ መግቢ ዝሀብዎ ምኽሪ፡ ኣብ እትወስዶም መግብታት ሽኮር፡ ጨው ከምኡ'ውን ቀብኣት ምጉዳል እዩ። እዚ ብፍላይ መጥቃዕቲ ልቢ ምስ ኣጋጠመካ ክተስተብሀሉ ዝግብኣካ ነገር እዩ።

መጥቃዕቲ ልቢ ዘጋጠሞ ግዳይ ከጉድሎ ወይ ክሕረሞ ዝግብኦ መግብታት፦

* ከም 'ሃምበርገር'፡ ዝተጠበሰ ደርሆ ወዘተ ዝኣመሰሉ ስሉጥ መግብታት (fast foods)፡
* ዝተቐለወ መግቢ፡
* ተማስሪሖም ዝተዓሸጉ መግብታት (ተወሳኺ ጨው ዘይብሎም ኣሕምልትን ጥረታትን ገዲፍካ)፡
* ካራሜላ (candy)፡
* ዝተጠበሰ ድንሽ (chips)፡
* ብሽኮትን 'ኬክ'ን፡
* ጀላቶ (ice cream)፡
* ከም 'ማዮናይዝ'ን 'ኬች ኣፕ'ን ዝኣመሰሉ መማቐርቲ፡
* ኣልኮላዊ ማስቲ፡
* ፒሳ፡ 'በርገር'፡ ከምኡ'ውን ግዕዝም።

ኣብ ጥዕና ልብኻ ትግደስ እንተኾንካ፡ ብስብሒ ዝቐመጡ (Saturated fat) መግብታት ካብ ምውሳድ ምቁጣብ። እዞም ዓይነት መግብታት'ዚኦም፡ መዓልታዊ ካብ ትወስዶ ዓይነት መግቢ ንልዕሊ 5 ሚእታዊት ክኸፍቱ ኣይግባእን።

ዝቐመጠ ስብሒ vs ዘይቐመጠ ስብሒ

**ዝቐመጠ ስብሒ (Saturated fats)**– እዚ ዓይነት ስብሒ'ዚ ካብ ስጋ፡ ጠስምን ካብ ካልእ ወጽኢት ጸባን ይርከብ። ልዕሊ ዓቐን ዝቐመጠ ስብሒ ምውሳድ ንኮሌስትሮል ጸቕጢ ደምን ሕማማት ልብን የቃልዕ። ስለዚ፡ ሓደ መጥቃዕቲ ልቢ ዘጋጠሞ ሰብ እዚ ዓይነት መኣዛዊ ትሕዝቶ'ዚ ክምገብ የብሉን።

**ዘይቐመጠ ስብሒ (Unsaturated fats)**– እዚ ካብ ዓሳን ካብ ኣትክልቲ ኣብ እንምእርርሞ መግብታትን ይርከብ። እዚ ዓይነት ስብሒ'ዚ ንጥዕና ልቢ ጠቓሚ እዩ። እዚ ዓይነት ስብሒ'ዚ ካብ ሳልሞን ዓይነት ዓሳ፡ ኣቮካዶ፡ ካብ ዘይቲ ዕፉን፡ ዘይቲ ሰፍ፡ ዘይቲ ኣውሊዕ ወዘተ ንረኽቦ።

**ጨው**

ሓደ በጽሒ ኣብ መዓልቲ ካብ 2,300 ሚሊ ግራም ዘይዛየድ ጨው ክወስድ እዩ ዝግባእ። እዚ ምስ ሰለስተ ርብዒ (¾) ማንካ ሻሂ እዩ ዝመጣጠን። መጥቃዕቲ ልቢ ወይ ጸቕጢ ደም ዘለዎ ሰብ ግና እቲ ኣብ መዓልቲ ክወስዶ ዝግባእ ዓቐን ጨው ናብ 1500 ሚሊ ግራም ከጉድሎ ይግባእ።

**ንጥዕና ልቢ ኣገዳሲ ዝኾነ ናይ ኣካብራ ልምዲ**

ኣመጋግባና፡ ኣብ ኩነታት ምሕላው ጥዕናና፡ ብፍላይ ድማ ኣብ ጥዕና ልብና፡ እቲ ኣገዳሲ ረቛሒ እዩ። ኺ ኺ እዚ'ውን ንኽተሎም ገለ ናይ ኣካብራ ልምድታት ንጥዕናና ኣገደስቲ እዮም።

**ስሩዕ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ምክያድ**

ኣብ ሰሙን ክብድ ዝበለ ምውስዋስ ኣካላት ንኣስታት 75 ደቓይቕ፡ ከም እግሪ ጉዕዞ ዝኣመሰለ ማእከላይ ክብደት ዘለዎ ምውስዋስ ኣካላት ድማ ክሳብ 150 ደቓይቕ ክካየድ ከም ዝግበኣና ይምከር። ግዳይ መጥቃዕቲ ልቢ ኹንካ እንታይ ዓይነት ምውስዋስ ኣካላት ክትገብር ከም ዘለካ ኣፍልጦ ምስ ዘይህልወካ ምስ ክኢላታት ሕክምና ክትመያየጥ ይግባእ።

ሓደ መጥቃዕቲ ልቢ ዘጋጠሞ ሰብ ኣብ ትካላት ጂም (gym) ተመዝጊቡ ምውስዋስ ኣካላት ክካየድ ኣድላዪ ኣይኮነን። ኣብ ከባቢኡ ስሩዕ ዝኾነ እግሪ ጉዕዞ ወይ ምሕንባስ ክካየድ ይኽእል እዩ።

**ከም ኣድላይነቱ ክብደት ምጉዳል**

ክብደት ሰብነትካ ኣብ ከመይ ደረጃ ከም ዘሎ ንምፍላጥ ሓኪም ተወከስ። ክሰዕ ምኳንን ልዕሊ ንቡር ክብደት ሰብነት ምውናንን ንልቢ ኣብ ተወሳኺ ወጥሪ እዩ ዘእቱ።

ኣድላዪ እንተኾይኑ ምስ ክኢላታት ስነ መግቢ ብምምይያጥ ኣብ እትወስዶም ዓይነት መግብን ትሕዝቶን ብምቁጻጻር ክብደትካ ክተጉድል ይከኣል እዩ።

ወጥሪ ንምቁጽጻር እኹል ኣፍልጦ ምርካብ

ወጥሪ ሓደ ካብቶም ንልብና ዝኸድኡ ጠንቅታት እዩ። ስለዚ ዘለካ ወጥሪ ኣለሊኻ ክትቆጻጸሮን ክትኣልዮን ምኽኣል ብመጥቃዕቲ ልቢ ናብ ዝኸፍአ ጥዕናዊ ጸገም ከይትሰጋገር የኽእል እዩ።

ኣሻቓሊ ምልክታት መጥቃዕቲ ልቢ

= **ቃንዛ ኣፍ-ልቢ**

ኩሉም መጥቃዕቲ ልቢ ሓደ ዓይነት ምልክት የብሉምን። ኣብ ኣፍ-ልብኻ ዝኾነ ቃንዛ ክይተሰምዓካ መጥቃዕቲ ልቢ ኪጋጥመካ ከም ዝኽእል ምፍላጥ የድሊ።

ልቢ ደም ንኽትጭምቕ ናይ ምጭባጥን ምዝርጋሕን ጠባይ ኢተርኢ ጭዋዳ እያ። እቶም ጭዋዳታት ልቢ እኹል ደም ምስ ዘይረኽቡ፡ መጥቃዕቲ ልቢ የጋጥም። ደም ናብቶም ጭዋዳታት ኦክስጅንን መኣዛን ሒዙ እዩ ዝኸይድ። ከምኡ ምስ ዘይገብር ግና እቲ ዝተጎድአ ክፋል ናይ ልቢ ካብ ንጥፈታቱ የቋርጽ - ይመውት። እዚ ድማ ኣዝዩ ሓደገኛ እዩ፡ ክሳብ ሞት የብጽሕ።

መጥቃዕቲ ልቢ ሃንደበት ዘጋጥም ሕማም እዩ። ግና ነዊሕ ዓመት ብዘበገሰ ዝተፈላለየ ጸገም ናይ ልቢ ዝስዕብ ክኸውን ይኽእል እዩ።

= **ቃንዛ ኣብ ላዕለዋይ ክፍሊ ሰብነት**

ገለ መጥቃዕቲ ልቢ ዘጋጠሞም ሰባት ኣብ ኣፍ-ልቦም ዘይንቡር ስምዒታትን ምጭባጥን ዝኣመሰለ ስምዒት ይፈጥረሎም እዩ። ኣብ ላዕለዋይ ክፋል ሰብነቶም ምልእ ብምልእ ቃንዛ ዝፀምም ግዳያት ናይዚ ሕማም'ውን ኣለዉ። እቲ ቃንዛ ኣብ ላዕለዋይ ክፋል ከስዐ፡ መንኩብ፡ ሕቖ፡ ክሳድ ወይ ጎሮሮ፡ ስኒን መንጋጋን ወዘተ ክኸውን ይኽእል።

ኣብ ኣመራርካ ዝተኻየደ መጽናዕቲ ከም ዘረጋገጾ፡ መጥቃዕቲ ልቢ ዘጋጠመን ሓያሎ ደቀንስትዮ ኣብ ከስዐን ታሕተዋይ ሸነኽ ኣፍ ልብን ብርቱዕ ቃንዛ ተሰሚዑወን።

= **ብርቱዕ ረሃጽ**

ዘኾነ ንጥፈታት ከይገበርካ ወይ ከይተወዓወዕካ መዓልትን ለይትን ካብ ንቡር ወጻኢ ትረሃጽ እንተለኻ ምልክት ናይ መጥቃዕቲ ልቢ ክኸውን ይኽእል እዩ፡ ብዝሓጠጡ ወይ ዝተዓገቱ ሻምብቆታት ኣርተሪ ልቢ ደም ክትጭምቖ እንከሎ ሓይሊ ከም ዘድልያ ርዱእ እዩ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ንቡር መቐት ኣካላትና ክዕቀብ ምእንቲ ናይ ግድን ክንረሃጽ ንርኢ። ከምዚ ምስ እጋጠመ ተቐላጢፍና ናብ ሓኪም ክንከይድ ይግባእ።

ጸገም ናይ ልቢ ዘለወን ደቀንስትዮ ኣብ ግዜ ለይቲ ክርሃጻ ምርኣይ ልሙድ ምኳኑ እዩ ሓኪይም ዘመልክቱ። ደቀንስትዮ እዚ ምልክታት'ዚ ምስ ወርሓዊ ጸግየትን ንጸሬ ጸግየትን ከተኣሳስርኦ ከም ዝረኣያ እዮም መጽናዕትታት ዘመልክቱ። ኣብ ግዜ ለይቲ፡ ደቀንስትዮ ብምሕር ረሃጽ ክዳን ክጥልቕ ወይ ድቃስ ክኣብየን ምስ ዝርአ ናይ ልቢ ጸገም ክኸውን ስለ ዝኽእል ናብ ሕክምና ምኻድ ከም ዘድሊ ክዘንግዓ የብለንን።

= **ዕምርጉር ምግልን ተምሳቡ**

መጥቃዕቲ ልቢ ንኸጋጥሞ ኣብ ሓደጋ ዝርከብ ሰብ ናይ ምሕቃቕ መግቢ ጸገማት ከም ዘርኢ እዮም ክኢላታት ዘመልክቱ። መጥቃዕቲ ልቢ ዝያዳ ልዕሊ 65 ዓመት ኣብ ዝዕድሚኦም ሽማግለታት ስለ ዘጋጥም ብዙሓት ሰባት፡ ከም ምልክት ንዘርአ ጸገም ምሕቃቕ መግቢ፡ ብዕድመ ዝመጸ ናይ ከስዐ ጸገም ወዘተ ጥራይ ወሲዶም ሽለል ክብልዎ እዮም ዝረኣዩ።

ኣብ ንቡር ኩነት ዝኾነ ሰብ ናይ ከስዐ ምቅጻል፡ ጸገም ምሕቃቕ መግቢ ወይ ምቅጻል ኣብ ኣፍ-ልቢ ምስ ዘርኢ ምልክት ናይ መጥቃዕቲ ልቢ ክኸውን ስለ ዝኽእል ሕክምናዊ መርመራ ክካየድ ይግባእ።

= **ምስሕብካይ**

መጥቃዕቲ ልቢ ኣብ ዘጋጠመን ደቀንስትዮ ናይ ምስሕብካይ ምልክት ብዙሓት ዓቐን እዩ ዝርአ። ገለ ካብ ግዳይ ናይዚ ሕማም ዝኾና ደቀንስትዮ ነቲ ምልክት ምስ ናይ 'ኢንፍሉወንዛ' ምልክታት ከተኣሳስርኦ ከም ዝረኣያ መጽናዕትታት የመልክቱ።

መጥቃዕቲ ልቢ ብኸኢ ኣብ ልቢ ዝርአ ምጭምዳቕ ኣብ ኣካላትና ናይ ምስሕብካይ ምልክት ከርኢ ግድን ምኳኑ እዮም ክኢላታት ዘመልክቱ። እቲ ፍልልይ እቲ ናይ ምስሕብካይ ስምዒት ብጦብእ ነልዮን ኣይነልዮን እዩ። ስለዚ ብዘይ ዝኾነ ምኽንያት ኣካላትካ ረሲሽ ምስ ዝበኣስ'ዎ ምስ ዝስልችወካ ምልክት ናይ መጥቃዕቲ ልቢ ክኸውን ግቡእ መርመራ ምክያድ የድሊ።

ምስሕብካይን ጸገም ኣብ እስትንፋስን ካብ ኣብ ግዳያት ደቂ ተባዕትዮ ኣብ ግዳያት ደቀንስትዮ ዝያዳ ይርአ። እዚ ምልክት'ዚ እቲ መጥቃዕቲ ምሉእ ብምሉእ ቅድሚ ምግጣሙ/ ምኽሰቱ ዝርአ ምልክት እዩ። ስለዚ እዩ ድማ ናይ ምስሕብካይ ምልክት ምስ ዝህልወካ ተቐላጢፍካ ናብ ሕክምና ኪድካ ግቡእ መርመራን ፍወሳን ክትገብር ዝምከር።

= **ጸገማት እስትንፋስ**

እስትንፋስና ምስ ልቢ እተኣሳሰረ ምጭምዳቕ ደም ቀጥታዊ ምትእስሳር እዩ ዘለዎ። ልቢ ደም ኣብ እትጭምቐሉ፡ ብመንገዲ ካብ ሳንቡእ ኦክስጅን ትረክብ። ልቢ ብኸኢ መጥቃዕቲ ልብን ካልእ ዝተፈላለዩ ጸገማትን ብጦብእ ደም ምስ ዘይትጭምቕ ሕጽረት እስትንፋስ ከጋጥመካ ንቡር እዩ።

ጸገም እስትንፋስ ብብዝሒ ኣብ ግዳያት መጥቃዕቲ ልቢ ኣብ ዘጋጠመን ደቀንስትዮ እዩ ዝርአ።

ካልኦት ሓያሎ ምልክታት መጥቃዕቲ ልቢ'ውን ኣለዉ። እቶም ምልክታት ኣብ መንጎ ደቂ ተባዕትዮን ደቀንስትዮን ይፈላለዩ እዮም።

ምንጪ፦ health line


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣሰፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ
ቤተልሄም ታደሰ
ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጺ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.200454-07121322

ምልክታ
ቊ.ስ 125013 - ቊ.ሳጺ. 1284



# ባህልን ስነ-ጥበብን

ኤፍረም ሃብተጽዮን

## ቋንቋ፤ ትርጉምን ኣተረጓጉማን

ስነ-ጽሑፍ፡ ብገዛእ-ርእሱ ፍሉይ ዓይነት ቋንቋ ደዩ ወይስ ፍሉይ ኣጠቓቕማ ናይ ቋንቋ እዩ? ብፍልይ ዝበለ ኣገባብ ዝተሰርዐ ቋንቋ ደዩ ወይስ ፍሉይነት ዝተዓደሎ ቋንቋ'ዩ? ካብዚ ክልተ ኣማራጺታት እቲ ቀንዕ እዚ'ዩ ኢልካ ሓደ ክትመርጽ የጸግም ይኸውን። እንተኾነ፡ ስነ-ጽሑፍ ባእታታት ቋንቋን ፍሉይ ኣደኅቦ ናብቲ ቋንቋን ከም ዝሓትት ኣየማትእን። ኣብዚ ዛዕባ'ዚ ዝተኻየዱ ክትዓት ወይ መጽናዕቲታት ከም ዘእንፍትዎ፡ ንባህርን ተራን ቋንቋን ብኸመይ ከም እትትንትኖን ዝበል ጉዳይ ማእከል ክልሰ-ሓሳብ ኩይኑ'ዩ ጸኒሑን ዘሎን። ገለ ካብኡ'ውን ዓቢይቲ ብደሆታት ኣብ ጉዳይ ትርጉም (meaning) ዘተኮረ እዩ። እቲ ኣብ ዓንኬል ምሕሳብ ዘሎ ሓሳብ እንታይ እዩ? ብኸመይከ ትርጉም ይወሃቦ?

### ትርጉም ኣብ ስነ-ጽሑፍ

እዛ ክልተ ዝማስመራ ናይ ሮበርት ፎረስት ግጥሚ ንወሰደ። ብርግጽ ምትርጓም ግጥሚ ከቢድ እዩ። ስለዚ፡ ሓፈሻዊ ስእሊ ንኽህበና ሓፈሻዊ ትርጉም እዩ እዚ ቐረቡ ዘሎ።


### እቲ ምስጢር ዝርከቦ

ኣብ ክቢ ከቢብና ንስዕስዕ፡ ይመስለና

እቲ ምስጢር ግን ኣብ ማእከል ምህላዉ ጸኒሑ ይስወጠና

ኣብዚ እቲ 'ትርጉም' እንብሎ እንታይ እዩ? ኣብ መንጎ ትርጉም ናይ ሓሳቡት ኣብ ሓደ ጽሑፍን (ሓንቲ ግጥሚ ብምልእታ ንኣብነት)፡ ትርጉም ቃላት ኣብቲ ጽሑፍን ምሕታት ይፈላለ እዩ። ካብ ሓፈሻዊ ክዉንነት ተበጊስና፡ 'ምስዕሳዕ' ከም ቃል ወሲድና ምስ እንርእዮ፡ መሰረት ዝሓለወን ረምታውን ምንቅስቓስ እዩ ኢልና ክንገልጾ ንኽእል ኢና። እንተኾነ፡ እዛ ክብ ኢላ ዝተጠቕሰት ጽሕፍቲ ብምልእታ እንታይ ማለት እያ? ክንጆ ነፍሲ-ወከፍ ቃል እትህቦ ትርጉም ብድምር እንታይ እዩ እቲ ሓሳብ ወይ መልእኽቲ? ኣብ ስነ-ጥበብ ብሓፈሻ ቃላት ብልዑል ጥበብ ክቕርቡ እንከለዉ፡ እዮም ዘድምዑ። ምርጫ ጽባቐ ዘለዎ ቃላት ኣመና ወሲ እዩ። ጸሓፍቲ ክንጆ ትርጉም ቃላት ንመንፈሱ ክርድእዎ ምስ ዝኽእሉ እዮም ዘድምዑሉ ክብሃል ስሚዕና ንኸውን። ሓቂ እዩ። ንጹረ ኣብ ትርጉም ኣመና ወሲ ዝኸውን መልእኽቲ ከም ዝሰደድካዮ ዘይኮነስ ከምቲ ኣንባቢ/ሰማዒ ዝተረድኦ እዩ። ስለዚ፡ ትርጉም ዘለዎ ሓሳብ ንኽትገልጽ ኑቲ ሓሳብ ብልክዕ ዝወክልን ዝጸውርን ቃላት ክትጥቀም ትግደድ።

ናብታ ግጥሚ ክንምለስ፡ ምናልባት፡ ብቐጻሊ ኣብ ሓደ ነገር ጋእ-ማን ምባል ከተሰምዕ ትኽእል ትኸውን። ከንቱነት ናይ ደቂ-ሰብ ኣብ ተደጋጋሚ ንጥፈት ምንባር ወይ ህይወት ማለት'ዩ ከተሰምዕ'ውን ትኽእል ትኸውን። ኣብ ዙርያ ህይወት ብቐጻሊ ዕንክሊል ምባል'ዩ ዋና ትርጉማ ዝበሉ'ውን ኣይሰኣኑን ይኾኑ። እዚ ግን ከም ኣንበብቲ ክንግምቶ እንኽእል ጥራይ እዩ። ምግማት ኣይጽላእን። ክንጆ'ዚ ብምኻድ፡ እቲ ጽሑፍ ብዘፈጥሮ ረምታን ዝሓቖፎ መልእኽትን ንኣንብቢ ኣብ መንጎ ምስዕሳዕን ምምሳልን ዘሎ ግድል ይፈጥር። እዚ ጽልዋ'ዚ፡ ትሕዝቶ ናይቲ ግጥሚ ዝፈጥሮ ቅስቃሰ ብምኻኑ፡ ኣካል ናይ ትርጉሙ እዩ። ስለዚ፡ ቅድም ቀዳድም ትርጉም ናይቲ ቓላት ብግቡእ ክንፈልጦ ኣሎና። ቃላት ሓደ ትርጉም ጥራይ የብሎምን። ትርጉሞም ምስ ከም ኣየኖም ቃላት ተዋሰቡ ክንጸር ይኽእል። ብኡ መንጽር ድማ ትርጉም ናይቲ እኩብ ወይ ጥሙር ሓሳብ ናይቲ ጽሑፍ ክቕጀለና ይኽእል። ኣብ መንጎኡ ኸኣ እቲ ትርጉም ናይ 'ትንባህ' ኣሎ። እቲ ጽሑፍ ዝትንብሆ ነገር ኣሎ። ትንባህ ማለት፡ ኑቶም ኣብ ሓደ ሕሳብ ዘለዉ ቃላት ናብ ሓደ ዝተወሰነ ከኑት ወይ ክዉንነት ብምውሳድ ትርጉም ምሃብ ማለት እዩ። እዚ ትንባሀዚ እንታይ ተግባር እዩ ዘውክል? ዝበል ሕቶ ብምሕታት ትርጉም ናይቲ ጽሑፍ ክንርዳእ ንኽእል። ንኣብነት፡ ከም ትንባህ ናይ ሓደ ጽሑፍ ወሲድና፡ እዚ ክብ




ኢሉ ዝተጠቕሰ ግጥሚ የጠንቅቕ ደዩ የእምን? ወይስ ይጥዕስ ደዩ ይጅሃር? ዝተሰወጠና ስምዒት ክንገልጽ ንኽእል። እዚ ድማ ትርጉም ናይቲ ዕዮ ኣብ ምርዳእ፡ ምግማት፡ ምትንባህ ይሕግዘና። ካብዚ ብምብጋስ፡ ኣብዛ ናይ ሮበርት ፎረስት ሓጻር ግጥሚ፡ ብናይ ምትንባህ መመዝኒ፡ 'መን እዮም እቶም ንሕና (ከቢብና፡ ንስዕስዕ፡ ይመስለና) ኢሎም ዝዛረቡ ዘለዉ? 'ምስዕሳዕ' ዝበል ቓልከ እንታይ ትርጉም ይወክል? ዝበሉ ሕቶታት ምልዓልን ትርጉም ምንዳይን የድልየና።

ብዙሕ ትርጉም ናይቲ ጽሑፍ ጥራይ ክንሓትት ከኣ ኣይንኽእልን ኢና። ምኽንያቱ፡ እንተ ወሓደ ሰለስተ ዝተፈላለየ ኣንፈት ወይ ደረጃ ናይ ትርጉም ኣሎ፤ ትርጉም ናይቲ ቓል፡ ናይቲ ትንባህ፡ ናይቲ ጽሑፍ ወይ ትሕዝቶ ብሓፈሻ። ቃላት ኣብ ኣጠቓቕማ ዝምርኮስ ዝተፈላለየ ትርጉም ክህልዎም ይኽእል'ዩ፡ እቲ ኑቲ ክበሃል ዝተደልየ ዝገልጽ ትርጉም ድማ'ዩ ትርጉም ናይቲ ትንባህ ወይ መልእኽቲ ዘንጸባርቕ።

ዝተፈላለየ ዓይነት ትርጉም ኣሎ። ብሓፈሻ ክበሃል ዝከኣል ግን ትርጉም ናይ ቃላት ኣብ ብዙሕነት ወይ ፍሉይነት (difference) ይምርኮስ። ኣብታ ኣቐዲምና ዝረኣናያ ግጥሚ እቲ "ንሕና" ንመን ከም ዝወክል ኣረጋጊጽና ክንፈልጥ ኣይንኽእልን ኢና። 'ንሕና' ዘይኮነ 'ኣነ'፡ 'ንሱ'፡ 'ንሳ'፡ ወዘተ. ደረት ዘይብሉ ናይ ረብሓታ ቓል ኩይኑ፡ ንፍሲ-ወከፍ ነታ ዕዮ ዘንበበ ይወክል። እቲ ኣንባቢ ኣብዚ ብንሕና ዝገለጽ ግጥሚ እተው ደዩ ኣይኮነን? እቲ "ንሕና" ንኸሉ ብዘይካ ኑቲ ምስጢር ኣብዩ ከም ዝርከብ ዝገልጽ ዝምልከት ደዩ? ወይ ከኣ ንዝተወሰኑ ጉጅለ ሰባት'ዩ ዝውክል? ከምዚ ዝኣመሰሉ ቀሊል ዘይኮነ መልሲ ዘለዎም ሕቶታት፡ ትርጉም ናይቲ ግጥሚ ኣብ ምትንታን የጋጥመና እዮም። ብደሆ ኸኣ ይፈጥሩልና። ክንሓስብ፡ ክንጆ ቓላት ኑቲ ሓሳብ፡ ክንጆ ሓሳብ ድማ ኑቲ መንፈስ ክንርድእ ንጽዕር። እቲ ወጽኢት፡ ብምንጽጻርን ፍልልያት ብምልላይን እዩ ዝርከብ።

ብዙሕ ኣብቲ ግጥሚ ተጠቒሱ ዘሎ 'ሳዕስዒት'ን 'ምምሳል'ን እውን ብዙሕ ክበሃል ይከኣል። እቲ ኣብዛ ግጥሚ ዘሎ "ሳዕስዒት" ዝበል ቃል ብመንጽር'ቲ ዝፈጠርናዮ ምንጽጻር ምስ ካልእ ንጥፈታት እዩ ምሉእ ትርጉም ዝህብ። ኣብ ክቢ ከቢብካ ምስዕሳዕ ምስ ትኽ ኢልካ እናሳዕሰዕካ ንቕድሚት ምኻድ ወይ ድማ ምስ ደው ምባል ይነጻጸር'ሞ ትርጉም ይህብ። እቲ "ምምሳል" ከኣ ኣንጻር ናይ ኣረጋጊጽካ ምፍላጥ እዩ። ይመስለካ እንተ'ሎ፡ ኣረጋጊጽካ ኣይፈለጥካዮን ማለት እዩ። ስለዚ፡ ኣፍኣ መለእኻ ብዙሕ ትርጉሙ ክትዛረብ ኣይትኽእልን። ስለዚ'ዩ ድማ መልእኽቲ ዕሙቕ ዝበለ ዕዮ ስነ-ጥበብ ሸፋ ኢልካ ቁብ ዘይተብሎ። ወይ ከኣ እናሓደርካ ሓደሽ ትርጉም እትረኽበሉ።


### ክልሰ-ሓሳብ ቋንቋ

ቋንቋ ናይ ፍልልያት (differences) ስርዓት እዩ ይብል ሓደ ተመራማሪ ቋንቋ። ነፍሲ-ወከፍ ባእታ ናይቲ ቋንቋ ዝሕዞ መንነትን ትርጉምን ምስ ካልእ ኣብቲ ቋንቋ ዝርከብ ስርዓት ብምንጽጻር ዝላበዮ ትርጉም እዩ። እቲ ኣዚ ዝበለ ተመራማሪ ሓደ ተዳራጋዊት ከም ኣብነት ይህብ፤ ሓንቲ ባቡር ምድሪ - ንበል ናይ ሰዓት 8:30 ካብ ለንደን ናብ ኦክስፎርድ ህጹጽቲ ባቡር፡ ካብታ ናይ 9:30 ካብ ለንደን ናብ ከምብሪጅን ካብታ ናይ ሰዓት 8:45 ኣብ ወሽጢ ኦክስፎርድ እትመላለስን ዝፈልያን ነገር ኣሎ። ንሱ ኸኣ ኣብ ግዳማዊ ወይ ኣካላዊ ተምሳለን ኣይኮነን። ማለት፡ ኣብ ሞተራ፡ መሳፈሪ፡ መስመር ሓዲድ፡ ሰራሕተኛታት፡ ወዘተ. ከላተን ክፈላለያ ይኽእላ፤ ኣብ ሰዓታት ምብጋሰን ንሰብ መጓዓዝያን ኣብ ምብጻሕን'ውን ክፈላለያ ይኽእላ እየን። እቲ ንሓንቲ ባቡር ምድሪ ናይ ገዛእ-ርእሳ መንነት ዝህባ ነገር ግን እቲ ኣብ ስርዓት ባቡር ምድሪ ዘለዋ ናይ ገዛእ-ርእሳ ህላወ እዩ። እዛ ባቡር እዚኣ ካብተን ካልኦት ፍልይቲ ዝገብራ ንሳ ምኻና ጥራይ እዩ። ንሳ እትኸውን ድማ ብመንጽር እተን ካልኦት እያ። ሰብ ተመሳሰልቲ ኢና። ነፍሲ-ወከፍና ግን ናቱ ፍሉይነት ኣለዎ - ንሱ ብምኻኑ ጥራይ እዩ ድማ ፍሉይ ዝኸውን። እቲ ተመራማሪ ቋንቋ ከም ዝበሎ፡ "እቲ ልክዕ ባህርያት ናይታ ባቡር፡ እተን ካልኦት ዘይኮናኦ ምኻና እዩ።" ብተመሳሳሊ፡ ንበል ፈደል "በ" ብዝተፈላለየ መንገዲ - ጸቢቑ-ጽሒፉት ሰባት ኣብ ግምት ብምእታው - ክትጽሓፍ ትኽእል እያ። ክሳዕ ምስ ካልኦት ፈደላት፡ ንኣብነት ምስ 'ሰ'፡ 'ለ'፡ 'መ'፡ 'ተ' ዘይተደናገረት፡ ናይ ገዛእ-ርእሳ መንነት ኣለዋ። ኣብዚ እቲ ኣገዳሲ ነገር፡ ዝኾነ ፍሉይ ቅርጺ ወይ ትሕዝቶ ናይታ ፈደል ዘይኮነ፡ እቲ ፍልልይ እዩ። እቲ ንዓኣ ካብ ካልኦት ፈደላት፡ ካብ ዓሌታ'ውን - ቡ፡ ቢ፡ ባ - ዝፈልያ።

ቋንቋ ናይ ምልክታት ስርዓት እዩ። እዚ ድማ ክልተ ነገር ማለት'ዩ፤ ቀዳማይ፡ እቲ ምልክት (ንኣብነት ቃል) ድምር ናይ ቅርጽን ትርጉምን እዩ። ኣብ መንጎ ቅርጽን ትርጉምን ዘሎ ዝምድና ኸኣ ኣብ ስምምዕ ዝተመርኮሰ ደኣ'ምበር ባህርያዊ ተመሳሳልነት ኣይኮነን። ሰብ ይገልጾ'ዩ ዝበሉዎ ዝሁብዎ ስያመ ደኣ'ዩምበር ምስኡ ዝፍጠር ኣይኮነን ንምባል'ዩ። ኑፍ እንብለሉ ነገር 'መዝገር' እዩ ዝበሃል። እንተኾነ ካልእ ስም'ውን ክወሃቦ ምኸኣለ ነይሩ። ግን ከምኡ ክበሃል ዝተመርጸሉ ብስምምዕ ናይ ተጠቀምቲ ወይ ፈለማ ዝሰመይዎ እዩ። ካብ ዝሀቦ ኣገልግሎት፡ ዝተሰርሓሉ ጥረ-ነገር፡ ወዘተ. ዝወሃብ ስም'ውን ኣሎ። ኣብ ካልኦት ቋንቋታት ዝተፈልየ ስም ክህልዎ ይኽእል'ዩ። ኣብዚ ከም ፍሉይ ዝወሰዱ ቃላት እቶም ካብ ድምጺ ዋናታቶም ስም ዝወጽኣሎም ነገራት - ስሙ-ጽሩ-ሓውያን (onomatopoeic) - እዮም። ንኣብነት፡ ኳኽ፡ ቱግቱግ።

### ቋንቋን ሓሳብን

ቋንቋ ምስ ሓሳባት ብኸመይ ይዛመድ ዓቢ ዛዕባ ስነ-ቋንቋ እዩ። ብሓደ ወገን፡ ቋንቋ ስያመ ናይ ሓሳባት ጥራይ ካብ ምኻን ሓሊፉ ካልእ ዓቢ ነገር የብሉን ዝብሉ፡ ሃውራዊ መልሲ ዝህቡ ኣለዉ። እቲ ቋንቋ/ቃላት ዘይኮኑ እቶም ሓሳባት እዮም ርእሶም ክኢሎም ዝቖሙ። ቋንቋ ኸኣ ኣቐዲሞም ናይ ዝጸንሐ ሓሳባት መግለጺ እዩ'ውን ደበሃል'ዩ። እቲ እንዛረቦ ቋንቋ እንታይ ከም እንሓስብ ዝገልጽ'ዩ ዝበል ካልእ




ኣንጻራዊ ክልሰ-ሓሳብ ድማ ኣሎ። ሓደ መጽናዕቲ ዘቐደ ተመራማሪ ቋንቋ ከም ዝበሎ፡ ኣብ ህንዲ ዝርከቡ ሓደ ዓሌት ኣህዛብ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ክትርድኦ ዘይትኽእል ናይ ግዜ መረዳእታ ኣለዎም። ምናልባት ኣብ ኤርትራ'ውን ዘይክንርድኦ ንኽእል። ስለዚ፡ ኣብዚ ክንገልጾ ኣይክእልን። ዘይትርድኦ ነገር ክትገልጾ ስለ ዘይትኽእል። ኣብ ሓደ ቋንቋ ዝገለጽ ሓሳብት ብኻልእ ቋንቋ ክንገልጾ ኣይክእልን'ዩ ክበሃል ኣይከኣልን ዝበል ሰፊሕ መረዳእታ ኣሎ። እንተ ሓመቐ ሓደ ቋንቋ ኑቲ ሓሳብ ብዝመስሎ ትርጉም ክህቦ ስለ ዝኽእል። ብርግጽ ግን፡ ኣብ ሓደ ቋንቋ ብቐሊሉ ክግለጽ ዝኽእል ኣብ ካልእ ቋንቋ ብዙሕ ጻዕሪ ክሓትት ዝኽእል ሓሳብት ከም ዘሎ ኣየጠራጥርን።

ምምሳል ኣይመስለናን። ግን መሰልካ እንታይ ኣምጺእካ ካብ ተመሰሉ፡ ትርጉም እንጥቀመሉ ቋንቋ ኣድቂቕና ንምፍላጥን ክብሪ ምሃብን ከም ዝድሊ ንምዝኽኻር እዩ። ወዘበ. ርእይቶ እዩ፡ ርእይቶኹም ኣይፈለየን።

**ኢሳቕ ግርማይ**

**ምንጪ. literary theory**

## ሓንቲ ኢዱ

እቲ ምዕባ'ይ ሓወይ ሓንቲ ኢዱ
ሰኽልል-ሰኽልል ምባል ልማዱ
ኩሉ ሓሳቡ ብኸብዱ።
ኣደይ ምስኡ'ያ
ሰኽልልናኡ ርእያ።

ጉዲፉ ንብዓል ዕንዱ
ገና ዘይመንገዱ
መኣዲ ኣብ ምውድኡ ትብል፤
"ግደፉሉ ንሓንቲ ኢዱ፤
ንሱ'ኳ ወኀሊዱ።"

ዣደይ ልባ ናበይ ከይዱ?
መንዶ ደብልዕ'ዩ ብኽልተ ኢዱ?

**ደምሳስ ጸጋይ**

ሽባብ
ሃማመተኤ

ሓሳባት

# “ባሕሪ’ውን ምውሳኽ ኣይጸልእን’ዩ”

ኣብ ቅንያት ሓባራዊ ጾም ኢና ዘለና። ምጅማር ጾም ክልቲኣን ሃይማኖታት ኣብ ሓደ እዋን ምኳኑ፡ ኣዝዩ ዘገረመኒ ክስተት እዩ። ንሱ’ዩ ድማ ሎሚ ብርዕይ ኣልዒለ ሓሳበይ ክጽሕፍ ደሪኹኒ።

ኣማረ መኮነን ዝተባህለ ኢትዮጵያዊ ተንታኒ ፖለቲካ፡ ኣብ ማሕበራዊ ገጻት ቀሪቡ ብዛዕባ ህዝቢ ኤርትራን መራሒ ኤርትራን ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ተጎናጺፎሞ ዘለዉ ዓወት ኣብ ዝትንትነሉ ዝነበረ ኢጋጣሚ፡ ብዛዕባ ሓድነት ኤርትራውያን ዘበሎ ደስ ዘብል ምሉእ ሓሳብ ቀልበይ ስሒብዎ እዩ። ንሱ ኣብ ዘረብኡ፡ “ኤርትራውያን ናይ ውሽጢ ሽግር የብሎምን፡ ሃገራዊ ሓድነት ደኣ እምበር ብሄራዊ ወይ ዓሌታዊ ፍልልይ የብሎምን። ምስጢር እዚ ሎሚ ረኺቦሞ ዘለዉ ዓወት ድማ ንሱ እዩ። ኤርትራዊ መን ኢኻ ኢልካ እንተ ሓቲትካዮ ዝምልሳ ፍልጥቲ እያ፤ ‘ኤርትራዊ እየ’ ኢሉ ይምልሰልካ። ብሊን ዶ ገለ ዝበሃል ፍልልይ የብሎምን። ኢትዮጵያ ዘጥፍኣቶ ጸጋ እዚ’ዩ” ዝብል ኔሩ።

እቲ ኣብ ሞንጎ ናይ ሎሚ ብልጽግቲ ኤርትራን ክልተ ዝሃይማኖቱ ህዝባን ዝተፈተነ ውዲት ተጻሒፉ ወረቓቕቲ ዝኣኽሎ ኣይኮነን። እንተ ኾነ ኑቲ ገጻት ዘይኣኽሎ ፈተነ ዘፍሸለት ኣርባዕተ ፊደላት ዘለዋ ርዝንቲ ምልእቲ ሓሳብ መዕጸዊ እዚ ድርብራብ ውዲታት እያ፤ ሓድነት። እዚ ኣብ ኤርትራ ዝተፈተነ ህዝቢ ክፋፊልካ ሓድነቱ ኣላሕሊሕካ ብውልቃውነት ወይ’ውን ብቐቢላ፡ ብሄር ዓሌት ክሓስብ ምግባር ዝበለየ፡ ግን ከኣ ባይታ እንተ ረኺቡ ገና ዝሰርሕ ዘሎ ስነ-ሓሳብ ምዕራባውያን እዩ።

ኣብ ታሪኽና እንግሊዝ ንኤርትራ ግዝኣቱ ጌሩ ምስ ተረከባ፡ እታ ቖጻመይቲ ዝፈተና ዝፈሸለት ቦምባ ዓሌትነት እያ ኔራ። ኑተን ሓደ ዝመሰረተን ግን ከኣ ክልተ ዝእምነተን ሃይማኖታት ምብታን ተፈቲኑ እዩ። ዋላ’ኳ ነዊሕ ኣይኸደ፡ ኣብ ወርሒ ለካቲት 1950 ልኡኻት ሕቡራት ሃገራት ኣብ ኣስመራ ኣብ ዝነበርሉ ኢጋጣሚ፡ ምኽንያቱ ብዘይነጸረ ኣብ ሞንጎ ኣመንቲ ምስልምናን ክርስትናን ኤርትራውያን ንሸውዓተ መዓልታት ዝቐጸለ ምቅትታል ተፈጺሙ ኔሩ። እንግሊዛውያን ርእዮም ከምዘይረአዩ ኣሰቒጦም። ቡቶም ናይ ሽዑ ንሓርነት ኤርትራ ብሰላማዊ መንገዲ ድሌቶም ዝገልጹ ዝነበሩ ከም ኣቦና ወልድኣብ ወልደማርያምን ኢብራሂም ሱልጣንን ዝርከብዎም ሓርበኛታት እቲ ኩነታት ከም ዝሃድእ ተገይሩ። ኣብ መቓብር ብወገን ክልቲኦም ሃይማኖታት ዝሞቱ ብምብጻሕ ሕቛፍ ዕምበባ ብምቕማጥ ምውቃታቶም ከይተረፈ፡ ዓሪቖም እዮም። እዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ጭዋ ህዝቢ ዘዕበዮ ወለዶ እሞ ከመይ ኣቢሉ እዩ ብንጽል ክሓስብ።

ንዕኡ ሰዒቡ’ውን፡ ገዛእቲ ስርዓታት ኢትዮጵያ ኣሚ ምስልምና ንምጽናት ሕልሞም ናይ ምትግባር ስጉምትታት’ውን ወሲዶም እዮም። መሳጊድ እናፍረስካ ሰላማውያን ኣመንቲ እናቐንጸልካን ዘርኢ ናይ ምጽናት ፈተነ ዘይነበረ ኣይኮነን። እንተ ኾነ ህዝቢ ኤርትራ “ኣስላምና ክርስትያና ሓደ ኢና” ብምባል ዓረር ጸላኢ ብሓባር ተቐቢሎም እዮም። እዚ ኹሉ ተሰጊሩ ናጽነት ምስ ተረኽበ’ውን እንተ ኾነ፡ ኑቲ ሕልማዊ ሓሳባቶም ንምስሳይ ኣብ ኣእምሮ ንጹህ መንእሰይ ዓሌትነት፡ ብሄራውነት፡ ኣውራጃነት ዝብሉ ቫይረስ እናእተኻ ንምብኳሉ ተፈቲኑ፡ ይፍተን’ውን ኣሎ።

ሓደ እዋን ሓደ መጽናዕታዊ ጽሑፍ ንምድላው ሓንቲ ጉጅለ ቆይምና ኔርና። ምስ ጉጅለይ ኣብ ሓደ ቤት ምግቢ ኣቲና ዝኣዘዝናዮ ክሳብ ዝመጸና፡ ብዛዕባ ስራሕና ንዛተ ነበርና። ንሕና ዘየቕለብናሎም በጻሕቲ ዝኾኑ ጸዓዱ ምስ ሓደ ኤርትራዊ ኣትዮም ኔሮም። ዝኣዘዝናዮ ምግቢ መጺኡ እናተመገብና እቲ ኤርትራዊ መጺኡ፡ “ይቕሬታ እዞም ጸዓዱ፡ ብኣኽን ኣዚዮም ተገሪሞም፡ ካብ ንኣቱ ብኣኽን እዩ ዘሎ ዕላሎም። እሞ ስእሊ ክንወስድ ይብሉ ኣለዉ።” ኩብል በቲ ትሑት ኤርትራዊ ኣንደቡቱ ተወኪሱና። ንሕና እሞ ብምግራሞም ተገሪምና ፍቓደኛታት ምዃና ነጊርና ክንሰኣል ተዳሊና፡ ተሳኢልና’ውን። እንተ ኾነ ንኣንፍና ስእልና ክንወስድን መንነት ሰኣልትና ክንፈልጥን ኑቲ ኤርትራዊ ኢና ተወኪስና። ክምስታ ኣሰንዩ ዝመለሶ መልሲ፡ በቲ ጽኑዕ ሃገራዊ ሓድነትና መለስና ክንከርዕ ዝገበረ እዩ ኔሩ።

“ክልተ ነንበይኑ እምነት ዘለዎም ሰባት፡ ኣይኮነን ብሓደ ክበልዑ ጎረባብቲ ክኾኑሉ ኣብ ዘይክኣለሉ ዘሎ እዋን ነዚ ብምርኣዮም’ዮም ተደኒቆም” እዩ መልሱ ኔሩ። እንተ ንሕና እሞ ካብ ክልተ ሃይማኖት ዝመጻእና ምኳንናስ ሸዑ ኢና ዘኪርናዮ። ሰብ ሓደ ዕላማ ምንባርና’ዩ ብሓደ ኮፍ ኣቢልና ኔሩ። ንሱ ኸኣ ኑታ ወኸይ ወገንካ ዘይትፈቱ ኤርትራ፡ ኣብ ዕቤታ ዓሽራና ንምንባር እዩ ኔሩ ተልእኾና። እምነትናን ሃይማኖትናን ግን ኣብ ውሽጥና እዩ ኔሩ።

ክቡራት ኣንበብቲ ምናልባት እዚ ደኣ ንፈልጦ እንዲና ትብሉ ትህልዉ ኢኹም። እንተ ኾነ ከምቲ ምስላ ሱዳናውያን “ባሕሪ’ውን ምውሳኽ ኣይጸልእ እዩ” እሞ ሓሳብ እንተ ወሰኽናሉ ኣይጽላእን እዩ። እዞም ብሓደ ኮፍ ምባልና ዘገረሞም ተገሪምቲ፡ እዚ ፍጻመ ኣብ ኣርብዓታት’ውን ኣብ እዋን ምምስራት ኤርትራ ንኤርትራውያን ኣስላማይ ዝሓረዳ ደርሆ በሊያም ኣብ ቁርኣን ጠቒሶም፡ ከምኡ’ውን ክርስትያን ዝሓረዳ ደርሆ በሊያም፡ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ጠቒሶም’ዮም። ስልዝስ እቲ ሓድፍነት ካብ ውሉድ ወለዶና እናተወራረሰ ዝመጸን ዝጸሎን ዝቐጽልን እዩ።

ኣብዚ ዘለናዮ መድረኽ፡ ዓለም ስኢናቶ ዘላ እንኮ ነገር፡ ሰላም’ዩ። ክንዲ ዝማዕበልካ ማዕብል፡ ክንዲ ዝገዘፈ ቁጠባ ይሃሉኻ፡ ዋላ ብርኬት ጠፊር ደይቡ፡ ሰላም እንተ ዘይብልካ ምንም የብልካን። ንሕና ድማ ኑቲ ጽባሕ ዝህሉ ከም ውሁብ ወሲድና፡ ኑቲ ካብ ዘይምህላዉ ናብ ምህላዉ ዘምጽእ ሓድነታዊ ህንጻና ኣብ ምድልዳል ኢና ጸኒሕና።

ከም’ዚ ተንታኒ ፖለቲካ ዝበሎ፡ ሎሚ ናይ ዞባና ኣርማ ሰላም ንምዃን ዝበቓዕና፡ ንዘመነ ኣይሂ ሕሰም ሰጊርና ርግቢ ሰላም፡ ካብና ሓሊፉ ንዞባና ንልእኽ ሕብረተሰብ ንምዃን በቒዕና ኢና። ኣብታ ኣኪባትና ዘላ ኣደራሽና ስምና “ኣነ” ዘይኮነ “ንሕና” እዩ፤ ዕላማና “ናተይ” ዘይኮነ “ናትና” እዩ። ትማሊ ዘዐወተ ብጹር መርገጺ ድማ ንሱ እዩ።

**ቤትኤል ሰለሙን**
**ካብ ከረን**



# “ንሕና ውጽኢት ኣተሓሳስባና ኢና።”

ቋንቋ ጥቕሲ

**“ንሕና ውጽኢት ኣተሓሳስባና ኢና። ዘረባና ካልኣዊ’ዩ፡ ሓሳባትና ይነብር፡ ርሑቕ ከኣ ይጓዓዝ።”** በለ ... ሰዋሚ ቪቨካናንዳ፡-

ሰለስተ ሰብ ከም ኣብነት ውሲድና ጽሑፍና ክንጅምር፤ ቢላል፡ ሰናይን ዳናይን ኣለው። ቢላል ንሰናይን ዳናይን በዲሉዎም ኣሎ። ሰናይን ዳናይን ከኣ ክልተ ዝተፈላለየ ግብረ-መልሲ ኣርእዮም ኣለው። ዳናይ፡ “ቢላልሲ ከምዚ ክገብረኒ፡” ኢሉ ብምሕንሓን ሕነኡ ንኽፈዲ ንቢላል ዘጥቅዓሉ ኣገባብ ክሓስብ ይውዕልን ይሓድርን ኣሎ። ሰናይ ከኣ “ቢላል ስለምንታይ’ዩ ከምዚ ገይሩ?” ኢሉ ንቢላል ኣዕሚቑ ከንብቦን ክርድኦን ድሕሪ ምፍታን፡ “ክላእ በቃ ቢላል ዓቕሙ’ዩ ኣርእዩኒ፡” ብምባል ንተግባር ቢላል ብምንዓቕ ካብ ሓሳቡ ኣውጽኦ።

ካልኣይ ኣብነት ክንርኢ፤ ቢላል ኣብ ትምህርቱ ኣዝዩ ውጽኢታዊ፡ ኵሉ ግዜ ንፉዕ’ዩ፣ ኵሉ ግዜ ተመሃርይ’ዩ፣ ኵሉ ግዜ ኸኣ ብዓል ዓቢ ሓሳብን ዕላማን እዩ። ሰናይን ዳናይን ግን ክልተ ኣይግዳዱ ነበሩ። ንመንፍዓት ብጻዮም ከኣ ብኽልተ ዝተፈላለየ መገዲ ርእየሞ ኣለው። ዳናይ፡ “ቢላል ሕልበትሲ ጠቅያ ተባሂሉለይሲ ክትብጥረም ጀሚራ? ብሓደ ንኸይድን ንመጽእን ዝነበርና ናይ’ዛ ትምህርቲ ዝነፍዓታ ድያ?” ኢሉ ብምሕሳብ ንቢላል ኣብ ዝረኸቦ ከነኣእሶ፡ ብዛዕባኡ ከክፉኡ ከዕልል፡ ኣብ ዝኾነ ኣጋጣሚታት ኣንጻር ቢላል ደው ይብል ነበረ። ሰናይ ከኣ “ቢላል ከመይ ኢሉ’ዩ ኵሉ ግዜ ንፉዕን ግዱሱን ዝኸውን? ኣይስልክዮን ድዩ?” ብምባል ንቢላል ቀሪቡ ከንብቦን ክርድኦን ፈቲኑ። ንጉዕዞን ንጥፈታትን ቢላል ድሕሪ ምዕዛብ፡ “ኣነ ኸኣ ንህይወተይ እንታይ’የ ዝገብረሉ ዘለኹ? ናተይ ዓቢ ሓሳብን ዕላማን ከ እንታይ’ዩ?” እናበለ ይሓስብ። ንቢላልን ተግባሩን ከኣ ብእወታ ጠሚቱ ከኽብሮ ጀሚሩ። ንነብሱ ብኸመይ ከም ዘዕብያ ኸኣ ንእሽተይ ትምህርቲ ረቢሑ።

ኣብ ቀዳማይ ካልኣይን ኣብነት ብምርኣይ፡ ንናይ መኖም ኣተሓሳስባ ኣድኒቕኩም? ስለምንታይ? ንኹሎም በቲ ዝሓሰቡዎ መዚንኩሞምዶ? እሞ እዞም ሰባት በቲ ዝሓሰቡዎ ተፈላልዮምዶ? ኣተሓሳስባኦም ብምዝማድ ንመኖም ንመስል? ወዮ ሰዋሚ ቪቨካናንዳ ዝበሎኸ ሓቂ ድዩ?

ተግባር ኵሉ ግዜ ውጽኢት ኣተሓሳስባ፡ ፍልጠት፡ ንቕሓትን ተመኩሮን እዩ። እቲ ኣብ ዝበዝሐ ጉዕዞና እንህቦ ግብረ-መልሲ ውጽኢት ናይ ዘለና ኣተሓሳስባ፡ ፍልጠት፡ ንቕሓትን ተመኩሮን እዩ። እታ ዝደቐቐትን ዝዓበየትን መሰረት ናይ ሓደ ተግባር ሓሳባት እያ። ኵሉና ኸኣ በዛ መሰረትን ኣተገባብራኣን ኢና እንፈላለ። ስለዝኾነ ኸኣ ሰዋሚ ቪቨካናንዳ “ንሕና ውጽኢት ኣተሓሳስባና ኢና፡” ዝበለ።

ሱራፍኤል ተ.

# ስድራቤት

ዮሴፍ ሃይለማርያም

## ወለዲ ዝኽተልዎ ኣተኣላልያ ውላድ

ኣብ ኣተዓብዪያ ቈልዑ ወለዲ ብዝኽተልዎ ሜላታት ኣተኣላልያ፡ ኣብ ኣርባዕተ ጉጅለታት ከም ዝምደቡ ክኢላታት ማሕበራዊ ጉዳያት ብዙሕ ደረጃታት መጽናዕቲ ክርድኡ ከምዝኽኣሉ ይገልጹ። እቶም ኣርባዕተ ሜላታት ኣልያ ወለዲ ድማ፡ መላኺ ኣልያ፡ ሓላፍነታዊ ኣልያ፡ ዘይጸንዑ ኣልያን ሸለልትነታዊ ኣልያን ይበሃሉ። በዚ መሰረት፡ ወለዲ ኣብ ኣተዓብዪያ ውላደኦም፡ ካብዞም ቀጺልና እንጠቕሶም ኣርባዕተ ሜላታት ኣበየናይ ጉጅለ ከም እትምደቡ ክትፈልጡ ኣይክትሽገሩን ኢኹም። ስለዚ፡ ብኸኣልንትናኹ ብሉጽ ቈልዓ ንምዕባይ ኣብ እትገብርዎ ዘይሕለል ቃልሲ ዕወታት ኩዩንኩም ንኽትወጽኡ፡ ፍልጠት ምድላብ መሰረታዊ ነገር ካብ ኮነ፡ ነዚ ፍልጠትኩም ዘበርኽ ጽሑፍ ኣንቢብኩ ክትጥቀምሉ ናብኹም ንበል፦

መላኺ ኣልያ - መላኺ ኣልያ (Authoritarian Parenting) ማለት ተሪር ሕግን ስነ-ስርዓትን ዝተላበሰ ዓይነት ኣተኣላልያ ናይ ወለዲ እዩ። እዚ ከም'ቲ ዝደለ ውልቃዊ ናጽነት ዘየፍቅድ፡ ብጻቢብ ዝሕልፍ ዓይነት ኣተሓሕዛ ውላድ ድማ እዩ። እዚ ክንብል እንከለና፡ ኣካይዳን ምንቅስቓሳትን ውላድ ብሓያል ምቁጽጻር ወለዲ ዝተሓዝአ እዩ። ማለት ሕቶ ኮነ ርእይቶ ናይ ምቕባል መሰል ዘይህብ እዩ። ወለዲ፡ “ንሕና ብዝበልናካ/ኪ ትኸይድ/ትኸዲ” ዝዓይነቱ ኣተሓሕዛ ኣለዎም። ውላድ ጌጋታት ምስ ዝፍጽም ክሳብ ኣካላዊ መቕጻዕቲ የጠቓልል። ብሕጽር ዝበለ፡ መላኺ ኣልያ ማለት ርእሱ-ምሕደራን ርእሱ-ምቁጽጻርን ውላድ ዘየፍቅድ፡ ብኣንጻሩ ተማእዚዝኩ ጥራይ ዝጠልብ ስርዓተ ኣልያ እዩ። ስለዚ፡ ዝምድና ውሉድን ወላድን ሕጊ ይኸውን ማለት'ዩ። ሓደ ካብቶም ሕግታት ምስ ዘይፍጸም ከኣ፡ ንዕኡ ንምኽባር ንወላዲካ ትቕጽዕ። ምክትታል ወላዲካ ተሪፉ ከኣ ምክትታል ሕጊ ይኸውን። መጽናዕትታት ካብ ከምዚ ዓይነት ገዛ ዝወጹ ቈልዑ ድሁላትን ፈራሓትን ከም ዝኾኑ ብመጽናዕቲ ተረጋጊጹ ኣሎ። ብዘይካ’ዚ፡ ርእሰ ተኣማንነትን ትብዓትን ይስእኑ’ሞ ርእሶም ክኢሎም ክሰርሑ ኣይክእሉን። ካብ ካልኦት ተጸባይቲ ይኾኑ። ልክዕ ከምዚ ንሓደ ከልቢ ኣብ ገዛ ዓጺኻ ምስ ቀጥቀጥካዮ መውጽኢ ስኢኑ ዝጥምጠመካ፡ ብኸምዚ ዓይነት ኣልያ ዝዓበዩ ቈልዑ ድማ ተመሳሳሊ ባህርያት ሒዞም እዮም ዝዓብዩ። ስለዚ፡ ብሕጽር ዝበለ ክርአ ከሎ፡ መለኸቲ ኣልያ ዝጥቀሙ ወለዲ፡ ፍቕሪ ከሎኦም ብዙሕ ስነ-ስርዓት ዝህቡ እዮም። ንስነ-ስርዓት ከም ቀዳምነት ስለ ዝስርዑ፡ ምስ ደቆም ኣብ ዝገብርዎ ባእሲ ወትሩ ክዕወቱ ይበህጉ። ደቆም'ውን ሓያል ዓላዊ ጠባይ (ተቓዋሚ) ስምዒት ዝሓደሮም ይኾኑ፣ ዝበዝሐ ግዜ ከኣ ምስ ወለዶም ናይ ምምጓትን ምብኣስን ዝንባለ የማዕብሉ።

ዘይጸንዑ ኣልያ - እዚ ዓይነት ኣልያ ካብ ተማእዚዝካ ንሕጊ ኣብ ርእሰ - ምሕደራ ዝኣምን ኣገባብ'ዩ። ንውሉድካ፡ “ከምዚ ግበር ከምቲ ኣይትግበር” ዝብል ጠለባትን ትጽቢትን ኣይህልዉን። ኣብ መቕጻዕቲ ዘይኣምን (non-punitive) ኣልያ ድማ'ዩ። ውሉድ ነቲ ዝወሰድዎ ስጉምትታትን ውሳኔታትን ምሉእ ሓላፍነት ይስከሙ፣ ወለዲ'ውን ኣብ ተግባራትን ውሳነን ውሉድ ጣልቃ ክኣትው ዘየፍቅድ ኣልያ'ዩ። ብዘይካ'ዚ፡ ዘይጸንዑ ኣልያ (permissive parenting)፡ ውሉድ ሓላፍነት ተሰኪሞም ዝሓስብዎን ዝተመቕዎን ብዘይ ተጽዕኖ ይትግብሩ ዝብል እምነት ዘለዎ ኣልያ እዩ። ኣብ ገለ ገለ እንተደኣ ርኢና ብሰንኪ እምብዛ ናጽነትን ፈኲስ ሕግን እቶም ቈልዑ ዘይእርጉብ ጠባይ ከማዕብሉ ይኽእሉ። “ቈልዓ ብንእሱ ቁርበት ብርሑሱ” ዝብል ኣበሃህላ ኣቦታት ነዚ ንብሎ ዘለና ገደብ-ኣልቦ ኣተሓሕዛ ቈልዓ ከምዝይጠቅም ንምግላጽ'ዩ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ገለ ወላዲ ንውሉዶም ብኸምዚ መገዲ የዕብይዎም’ሞ ዝዘራእዎ ስለእትሓፍስ ከኣ ነቲ ካብ ቁጽጽሮም ዝወጸ ወላድ ክመልስዎ ኣብ ዘይክእሉ ደረጃ ይበጽሑ።

ብሕጽር ዝበለ ዘይጸንዑ ኣልያ ዝኽተሉ ወለዲ ነዞም ዝስዕቡ ባህርያት ይኽተሉ፦

- ንደቆም ብዙሕ ፍቕሪ የርእዩዎም፣ ንፍቕሪን ስነ-ስርዓትን ግን ሚዛን ክትሕዝዎም ኣይክእሉን።
- መኣረምታ ስለዘይህቡ ወይ ዶብ ስለዘይገብሩ፣ እቶም ደቆም ዝበዝሐ ግዜ ንዕሎም ዘይብቑዓት ኩይኖም ይስምዖም።
- ብዘይጸንዑ ኣልያ ዝዓብዩ ቈልዑ ተፈቓርቲ ምኳኖም ይፈልጡ'ዮም፣ እቲ ናይ ዶብ ማስመር ኣበይ ከምዝጅምር ግን ኣይፈልጡን'ዮም።
- እዞም ወለዲ'ዚኦም ኣብ ስነ-ስርዓት ኣይጸቕጡን'ዮም፣ ምኽንያቱ ንደቆም ከይብድልዎም ስለዝፈርሑ።

ሸለልትነታዊ ኣልያ - እዞም ወለዲ'ዚኦም ብዛዕባ ደቆም ምንም ዘይዓጦም እዮም። ደቆም ኣበይ ወዒሎም ኣበይ ሓዲሮም ዘይፈልጡ፣ ደቆም ትምህርቲ ከይደምዶ ኣይከዱን ዘይከታተሉ፣ ደቆም እንታይ ደብልዑን እንታይ ደሰትዩን ፍጹም ዘይዓጦም፣ ደቆም ዝርእይዎ ካብ ስነ-ምግባር ወጻኢ ባህርያት ንኽእርሙ ዘይጠብቁ፣ ኮታ ብዕላማ ዝምራሕ ሂወት ስለዘይብሎም፣ ብዛዕባ መጻኢ ደቆም ዘይዓጦምን ሓላፍነት ዘይስከሙን'ዮም። ንደቆም ፍቕሪ ይኹን ስነ-ስርዓት ኣየቕሰሙን'ዮም። ከም ውጽኢቱ ከኣ ኣብ መንጎ ወለድን ደቆምን ሓያል ዝምድና ኣይህልዉን። እቶም ቈልዑ'ውን ብፍቕርን ስነ-ምግባርን ተኾስኪሶም ስለዘይዓበዩ፣ ዝተረሰዑ ኩይኖም ይስምዖም፣ ስምዒታዊ ጸገማት ድማ የማዕብሉ። ሸለልትነታዊ ኣልያ (Neglectful Parenting) ዝኽተሉ ወለዲ ኩሉ ግዜ ብዕላማ ኣይከኑን ንደቆም ሸለል ዝብልዎም፣ እንታይ ደኣ ብጸገምም ማለት እቶም ወለዲ ብኣልኮላዊ መስተን ካልእ ወልፈን ዝተታሕዙ ስለዝኾኑ እዮ። ሸለልትነት ዘለዎ ኣልያ ሓዙ ዝዓቢ ቈልዓ ድማ ወዓሉ ሓዲሩ ኣብ ሂወቱ ቁም ነገር ክህልዎ ትጽቢት ኣይግበርን። ከም'ታ ካብ ወለዱ ሓዚዋ ዝዓበየ ናይ ሸለልትነት ባህሪ ከምኣ ሓዙ'ዩ ንሂወቱ ዝመርሓ። ኣብ ትህምርቱ፡ ስነ-ስርዓቱ፡ ምስ ሰባት ዘለዎ ማሕበራዊ ዝምድናታቱን ካልእን ሸለልትነት ዝንብለሎ ይኸውን። ኣብ ዝበጽሖ ከይበጽሐ ድማ፡ ክቱጃን ግዳይ ዘይተደልየ ሳዕቤናት ክኸውን ግድን'ዩ።


ሸለልትነታዊ ኣልያ ዝኽተሉ ወለዲ፦

- ንደቆም እኹል ፍቕሪን ስነ-ስርዓትን ዘይህቡ።
- ምስ ደቆም ሓያል ዝምድና ዘይብሎም።
- ደቆም ርሱዓትን ናይ ስምዒት ጸገም ዘለዎምን።
- ብወልፈታት ዝተገዝኡ ስለዝኾኑ፣ ንደቆም ክጽግብዎም ወይ ሸለል ክብልዎም ከለው፡ ብርድኢት ወይ ብዕላማ ኣይኩኑን።

ሓላፍነታዊ ኣልያ - እዚ ዓይነት ኣልያ፡ ስሙ ከምዝሕብሮ፡ ኣብ ዝኾነ ውሉድ ክምከቱ ዘለዎም ጉዳያት ክፉት ምይይጥ ዘፍቅድ ኣልያ እዩ። ኣብ ልዕሊ ውሉድ ናጽነት፡ ተማእዚዝነትን ሓላፍነትን ዝጠልብ ኣልያ ድማ እዩ። ነቲ ውሉድ ከኣ ቅጥዒ ብዘለዎ መገዲ ቁጽጽር ይግበረሉ። እዚ ዓይነት ኣልያ (Authoritative Parenting) ኣብ ርትዓውነት ዝተመርኮሰ ኮይኑ፡ ንወላድ እቲ ዝግብኦ ናጽነት ሂቡ ብኡ መንጽር ከኣ ተማእዚዝነት ዘኽብር ኣገባብ ኣተኣላልያ ክህሉ ዘፍቅድ እዩ። ብተወሳኺ፡ ኣብ ክንዲ መተንፈሲ ዘይብሉ ጠረው ዝበለ ሕጊ ዝኸውን፡ ምስ ግዜን ኩነታትን ዝመሓየሽን ዝተዓጻጸፍን ሕጊ ብምቕም ውሉድ ነቶም ሕግታት ከም መርሓ ሂወቱ ወሲዱ ብቕኣም ክምራሕ ምቱእ ናይ ገዛ ኩነታት ዝፈጥር ሜላ ኣተኣላልያ እዩ። ከምኡ'ውን ኣብ መንጎ ስድራቤት ምብህሃልን ርክብን ልዑል ኮይኑ ወለድን ደቆምን ጉዳያት ኣልዒሎም ዝመያየጡሉ መኣዲ እዩ። ክፉት ርክብን ዝርርብን ድማ ንደቅኻ ብዘይካ'ቲ ኣብ ውሽጡ ዝሰምዖ ብኽፉት ልቢ ክመያየጡ ዕድል ምሃብ፣ ጥዑብ ሓድሕድ ርክብ ንኽምዕበሉ'ውን ይሕግዞም። ሜዕናን ምሕጻንታን ኮይኖም ውሉድ ርእይቶኦም ክህቡ መገዲ ይኸፍተሎም። ብመንጽር መላኺ ኣልያ እንተርኢና እዚ ኣልያ'ዚ ዝያዳ ናጽነት ዝህበን ሓላፍነት ዘለቶምን ኣገባብ ኮይኑ ንረኽቦ። ሓደ ሓደ ግዜ፡ ኩነታት ኣብ ግምት ብምእታው ማጠኛ (modest) ዝኾነ መላኺ ኣልያ እንጥቀመሉ ኣጋጣሚታት ኣሎ። ውሉድ ብባህሪኦም ሓደ ኣይኮኑን። ነዞም ዝተፈላለየ ኣካይዳ ዘለዎም ውሉድ ድማ ሓደ ዓይነት ኣልያ ይግበረሎም ማለት ኣይኮነን። በዚ ከኣ'ዩ ኣብ ኣተኣላልያኦም ሜላዊ ኣገባብ ኣተሓሕዛ ወሲዒ ዝጉበሮ።

ሓላፍነታዊ ኣልያ ዝጥቀሙ ወለዲ ብሕጽር ዝበለ ነዞም ባህርያት የንጸባርቑ፦

- ንፍቕሪን መቕጻዕትን እናዃዓዙ የካይድዎ።
- ስልጣን ዘርእዩ'ኳ እንተኾኑ፣ ግን ከኣ ርትዓውያን'ዮም።
- ንደቆም የኽብርዎም ግን ከኣ ንጹር ዶብ ይገብሩሎም።
- ኣዘዝቲ (boss) ዓይነት ወለዲ'ዮም፣ ደቆም ድማ ነቲ ናይ ወለዶም ኣዚዝ መንፈስ የኽብርዎ'ዮም።
- ብሓላፍነታውያን ወለዲ ተኣልዮም ዝዓበዩ ቈልዑ፣ ርእሰ-ምትእምማንን ሓያል ናይ ምምሓል ክእለትን ዘለዎም'ዮም።



## ኣስማት ኣብ ቈልዑ...

ንቈልዓ ስም ምውጻእ ንብዙሓት ወለዲ ብደሃይ ፊጢሩ ዘሎ እዩ። ስለዚ፡ ወለዲ ኣብ ኣወጻጽኣ ኣስማት ደቆም ብልቦና ክጽዕቱሉ ዘለዎም ምኽንያት ዘየከላኽል ሓቂ እዩ። ኣብ'ዚ ቀረባ ግዜ ኣብ ዝዓብዩ ቈልዑ ኣመልኪቱ ዝተኻየደ መጽናዕቲ ከምዝምልክቶ፡ ስም ንሓደ ቈልዓ ምስ ዓበየ ዓሚቝ ጽልዋ ከምዘፈጥረሉ ኣረዲኡ።

“ስም ኣብ ኣተሓሳስባን መንነትን ናይቲ ቈልዓ ዘለዎ ጽልዋ ቀሊል ኣይኮነን። ኣቓልቦ ሕብረተሰብ'ውን ዝስሕብ'ዩ። ነቶም ቈልዑ'ውን ሰባት ብዛዕባኦም እንታይ ከምዝሓስቡ ጽልዋ ስለዝሕድረሎም፣ ወለዲ ነዚ ተረዲኦም ኣብ ኣወጻጽኣ ኣስማት ደቆም ልቦና ዝተሓወሶ ጥንቃቐ ክገብሩ ይግባእ” ይብል ካብ ዩኒቨርሲቲ ኢሊኖይስ ዶ/ር ደቪድ ፊግሊዮ።

ንሓደ ቈልዓ ስም ጓል ዝጥዕም ስም ምስ እተወጽኣሉ ምስ ዓበየ ኣብ ሂወቱ ናይ ባህሪ ጸገም ከምዝስዕቦ ከኣ ዶ/ር ፊግሊዮ ከም ኣብነት ይገልጽ። ፍሉይ ስም ምውጻእ ድማ ነቲ ቈልዓ ምስ ዓበየ ንብይኑ ዝጥጥዕ ብደሃይ ከምዘፈጥረሉ ብተወሳኺ የረድእ።

ኣቐዲሞም'ውን ብዙሓት መጽናዕትታት፡ ስም ምምራጽ ነቲ ቈልዓ ብፍላይ ኣብ ግዜ ጒብዝናኡ ወይ ጕርዝውናኡ ከምዝጸልዎ ክገልጽ ጸኒሑ እዩ።

ኣብ ብሪጣንያ ኣብ 3 ሽሕ ወለዲ ብዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ካብ ሓሙሽተ ወለዲ እቲ ሓደ ብኣወጻጽኣ ስም ደቁ ከምዝጠዓሰ ገሊጹ። ብዙሓት ካብ'ዞም ኣብ መጽናዕቲ ዝተሳተፉ ወለዲ፡ በቲ ዘይንቡርን ቀልዲ መሰልን ንኽትጽሕፎ ድማ ስኢንጠርን ዘውጽእዎ ኣስማት ደቆም ጸቕጢን ወቐሳን ከምዝስምዖም ይሕብሩ። እቶም ብዘውጽእዎ ስም ደቆም ጣዕሳ ከምዘይሰምዖም ዝገለጹ'ውን እንተኾኑ፡ ሽዑ ግዜ ክመርጽዎም ዝበርዎ ኣስማት ከምዝበሩ ተኣሚኖም'ዮም።

ኣብ ሃገርና ንኣወጻጽኣ ኣስማት ዝምልከት መጽናዕቲ'ኳ እንተዘይተኻየደ፡ መስመሩ ስሒቱ ይኸይድ ከምዘሎ ግን ብተደጋጋሚ ክግለጽ ጸኒሑ'ዩ። ብፍላይ ኣብ'ዚ ቀረባ ዓመታት፡ ኣብ ቈልዑ ዝወጹ ዘለው ኣስማት፡ ኣንጊፋቶም ዝሰሓቱ'ዮም ጥራይ ዘይኮኑ፡ መበቆሎም ዘይተፈልጠ፡ ክትጽሕፎምን ክተድምጾምን ዘይምቹኣትን ኣጸገምቲን (ብፍላይ ንዓበይቲ ሰባት) ብዓበኡ ድማ ምስ ታሪኽን መንነትን ዘይተኣሳሰሩ ብምኳኖም፣ ዝፈጥርዎ ስክፍታ ቀሊል ኣይኮነን። ብኣጋኡ ዘስተኻኽሉ ባይታ እንተዘይተፈጢሩ ድማ ሳዕቤናም ቡዙሒ ከምዝኸውን ኣየጠራጥርን።

ኣቦታትና ክምስሉ “ስም ይመርሕ ጥዋፍ የብርህ” ኢሎም'ዮም። ምኽንያቱ፡ ልክዕ ከምቲ ሓደ ጥዋፍ ኣብ ግዜ ጸልማት መብራህቲ ዝኾነ፡ ስም ድማ መስትያት ናይ ሕብረተሰብ ኮይኑ ታሪኽን ባህልን ዝዕቅብ'ዩ። ውሕጅ ከይመጸ መገዲ ውሕጅ ጽረግ ከምዝበሃል፡ ኣወጻጽኣ ኣስማት ደቅና ብዕቱብ ርኢና ናብ መስመሩ ነእትዎ - ብፍላይ እቶም ካብ መስመርና ወጺእና ኣስማት እንመርጽ ዘለና ወለዲ።



# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## ቤት-ፍርዲ ዓዲ ተከሌዛን

ኣበ ሃብቶም የውሃንስ ስም ኣደይ ናይ ኣቦሓጎይ ሃብቶም የውሃንስ መሃሽ ምባል ተሪፉ፡ ሃብቶም የውሃንስ መሻሽ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ቤት-ፍርዲ ዞ/ደ መንደፈራ

ኣብ መንነ ወረስቲ ኣፍ/ ጎሉ ኣደሃ መብራህቱ ኣብ ዘሎ ናይ ምቅሊት ውርሲ ክርክር፡ ተኻእታ ኣፍ/ት ወ/ሮ ኣዝለሸ ጎሉ ኣደሃ ዝኾንኩም 1. የርዳኖት ተስፋማርያም 2. ዳኤል ተስፋማርያም 3. እስቲፋኖስ ተስፋማርያም 4. ተመስገን ተስፋማርያም 5. ፍረሂወት ተስፋማርያም ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከልክም ኣብ ቤት ፍርዲ ይግባይ ዞባ ደቡብ መንደፈራ ን30/5/24 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም ግን ኣብ ዘየለኹምሉ ውሳኔ ክወሃብ ምዃኑ ነፍልጥ።

## ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

ወ/ሮ ሂወት ግርማጽዮን መሻሹ በዓል ቤተይ ሰመርኣብ እያሱ ገብረመድህን ስለ ዝተሰውኡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማለይ ይተሓለወለይ፡ 10 ደቃ ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ጀማል ጣህር ሳልሕ ምባል ተሪፉ፡ ጀማል መሓመድ ጣህር ሳልሕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዐመር መሓመድ ኣደም ምባል ተሪፉ፡ ዓማር መሓመድ ኣደም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ት ግርማዊት ተወልደብርሃን ምባል ተሪፉ፡ ሸዊት ተወልደብርሃን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ምሕረት ዘርኦም ብርሃ ምባል ተሪፉ፡ ወ/ሮ ምሕረት ኪዳ ኣስመሮም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ብርሃና ሾማንገስ ብርሃ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ተስፋሚካኤል ፍስሃ ተወልዴ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን9/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ልያ ሰለሙን ገብረትንሳኤ ምባል ተሪፉ፡ ሊድያ ሰለሙን ገብረትንሳኤ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኀይትኦም ታፈረ፡ ተጻዋዕቲ ወ/ሮ ገነት ታፈረ ሃብተዝጊ፡ ወ/ሮ ትርሓስ ታፈረ ሃብተዝጊ፡ ኣቶ ሳሙኤል ታፈረ ሃብተዝጊ፡ ኣስራት ታፈረ ሃብተዝጊ፡ መርሃዊት ታፈረ ሃብተዝጊ፡ ወ/ሮ ምሕረት ታፈረ ሃብተዝጊ፡ በዚን ታፈረ ሃብተዝጊ፡ ግደይ ታፈር ሃብተዝጊ ዘሎ ናይ ሰብል ክርክር፡ ናይ ምቅሊት ውርሲ ተጻዋዕቲ ኣድራሻኦም ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን9/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክርአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ኣቶለ የማነ ገብርኣብ ምባል ተሪፉ፡ ሰምረት የማነ ገብርኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ

ሓምድ መሓመድ ሓመድ ኣሕመድ ምባል ተሪፉ፡ ሕመዳ መሓመድ ሕመዳ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዲላበርዕድ

ኣቶ መሓመዓሊ ፋግር መሓመድን ወ/ሮ ሶፍያ መሓመድኖር ዕመርን ወድና ኣኽረም መሓመዶዓሊ ፋግር ስለ ዝዋረፊ፡ ንሕና ወለዱ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረቱ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ቤት-ፍርዲ ሓጋዝ

ገብረማርያም ዓደሉ ድራር ምባል ተሪፉ፡ ገብረማርያም ዓንዱ ድራር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

እድሪስ ዐሶማን ሸካይኑር ምባል ተሪፉ፡ እድሪስ ዐሶማን ኖርሸካይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ገብረጊዮርጊስ ንገሰ ኣብርሃ ምባል ተሪፉ፡ ገብረገርግሽ ንገሰ ኣብርሃ፡ ስም ኣደይ ከኣ ለተንገሰ ወልደሰላሴ ተወልደመድህን ምባል ተሪፉ፡ ለተሰብ ወልደሰላሴ ተወልደመድህን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲ ኣቶ መድሃኔ ተኸለ ኣብርሃ ብዕለት 27/03/24 ኣብ ዝቐረበ ምልክትኡ ኣብ መንነይን ኣብ መንጎ ተጻምዲት ወ/ሮ ራሕማ ገርን መኪና ሰሌዳ ቁጽሪ ER-1C 5008 ቻሲ ቁጽሪ RA60-033533 ቁ 1 ሞቶር 1461 RTA ውዕል መሸጣ ብ40.000 ናቕፋ ፈጺምና መኪና ካብ ዋና ከም ዘሎቶ ተቐበለ እንተኾነ ተጻዋዒት ናብ ስመይ ስም ምትሕልላፍ ከይገበረትለይ ብድራሻኣ ደሊያ ስለ ዘይተፈልጠ ተጻምዲት ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ትጸውዓለይ ስለ ዝበለ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ። እንተዘይቀሪባ ናብ ስመይ ከመሓላለፈለይ ምዃኑ ይሕብር

## 1ይ ደረጃ ቤት ፍርዲ ባረንቱ

ወ/ሮ ውዳሴ ኣሃንያ ኪዳነማርያም በዓል ቤተይ ኀይትኦም ዳኘው ክፍለ ስለዝዋረፈ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማለይ ይተሓለወለይ 6 ደቕና ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ቤት ፍርዲ ተሰነይ

ሞላ ጃማዑ ፍንጃይ ምባል ተሪፉ፡ ሚላክ ጃማዑ ፍንጃይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ደረጃ ቤት ፍርዲ ዓሰብ

ከሳሲት የሳን የማነ ዓንደማርያም፡ ተኸሳሲ ሰዐረ ኣብርሃም መልኣከ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን22/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ ጉዳይኳ ኣብዘየለኻሉ ክርአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ኣመልካቲ ወረስቲ ኣፍ/ራት መድህን ተስፋጋብር ገርግሽ ዝኾና፡ ብስም ወላዲትና ኣብ ዞባ 9 ምም/10 ጎደና"ቀ' ቁ.ገዛ 4 ዝርከብ ብሊብሬቶ ቁ.100846 መ/ቁ 120467/128468 ዋንነቱ ዝተረጋገጸ ኦሪጅናል ናይ ዋንነት ሰነድ (ሊብሬቶ) ስለዝጠፍኣና፣ ረኺቡዎ ወይ ብዕዳ ሓዚዎ ዝበል እንተሎ፡ ብቁ.ሞባ 07160200 ይሓበረና። እንተዘይቲይሉ ካብ ዝምልከቶ መተካእታ ከምእነውጽእ ነፍልጥ።

ወረ/ኣፍ/ራት መድህን ተስፋጋብር
ወረሲ ኢያኑብ ባህታ

ኣነ ኣቶ ይሕደጎ ባየረ መሓሪ እኹ ወረሲ ናይ ኣደይ ነ/ሄር ለተሃይማኖት ኣርኣዶም ዓንደማሪያም ምዃነይ ኣብ ኮማዊ ቤት ፍርዲ ገጀረት ኣስመራ ብዕለት 05/02 24 ኣብ መዝ/ቁ 391/2023 ኣረጋጊጸ እየ። ኣነ ወረሲ ካብ ወላዲተይ ብውርሲ ዝረኸብኩዎ ኣብ ኮምሸን ኣባይቲ ብስም መዋቲት ወላዲተይ ብቑጽሪ ምስክር ወረቐት 100707 መወከሲ ቁጽሪ ደማ 100778/100781 ዝተመዝገበ ገዛ ኣለኒ። ሕጂ እዚ ገዛ ናብ ስመይ ስም ወረሲ ክሰጋገር ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፣ ሕጊ ብዘፈቕዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታርን ቤ/ጽ ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡ ዝቃወም እንተዘይቀሪቡ ግን ኦሪጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ከፈጽም ምዃነይ እሕብር።

ኣቶ ይሕደጎ ባየረ መሓሪ

## ምስጋና



ብዕረፍቲ ክቡር ብዓል ቤተይ ሚኤል ርእሶም ወልደማርያም ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ብሃንደበታዊ ሞት ኣብ ሆስፒታል ዱባይ ኩሉኹም ኣሕዋትን ፈተውትን ነርቲ ዱባይ ዝተመላለስኩምን ሬሳ ኣብ ምልኣኽ ዝሓገዝኩምን ዝደኸምኩምን ኣብ ዓዲ ተኽላይ ዘቃበርኩምናን፡ ኣብ ገዛና ብምምልላስን ተሌፎን ብምድዋል ካብ ውሽጥን ወጻእን ዘጸናናዕኩምና ቤተሰብን ፈተውትን ኣዕሩኽን መሳርሕትን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስጋናና ነቕርብ።

ብዓልቲ ቤቱ ሰናይት ታረቐ
ምስ ምሉኣት ስድራቤት።

## ምስጋና



ብዕረፍቲ እኽፍቅራ ኣዴናን ሓፍትናን ወ/ሮ ጽገወይኒ ኣብርሃ (ጓል ሊካታ) በዓልቲቤቶም ንስዉእ ማስፍን ባህልቢ ዝተሰምዓና ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ሕማመን ዝበጻሕኩም፡ ኣብ ገጀረት ዘቃበርኩምናን ኣብ ገዛና ብምምልላስን ብቴሌፎንን ካብ ውሽጥን ወጻኢን ዘጸናናዕኩምናን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከምዝዋጸና ብኣኽብሮት ንሕብር።

ደቃንን ኣሕዋተንን ምስ ምሉኣት ስድራቤት

ኣብ ከተማ ደቀምሓረ ምም/ከ/ትኹል ብስም ወ/ሮ ሳሊሓ ከሊፋ ኣሕመድ ብቁ/ ምርሒት መሬት 13055 ኣብ ዞን 3 ፕሎት 25 ፓርሰል "F" ናይ እተመርሐ ናይ ከተማ መሬት ሊዝ ስለ ዝጠፍኣኒ፣ ብዕዳ ሒዚዎ ወይ ረኺቡዎ ዝበል እንተሎ ብቁጽሪ ተሌፎን 07328238 ክትሕብሩኒ። እንተዘይቲይሉ ግን ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት መተካእታ ክሓትት ምዃነይ አፍልጥ።

ወ/ሮ ሳሊሓ ከሊፋ ኣሕመድ

ኣነ ሙብራት ኣብርሃ ይግዛው ዝተበሃልኩ፡ ኣብ ከተማ ኣስመራ ዞባ 7 ምም.03 (ምም/ን/ዞባ ኣባሻውል) ጉደና H ቁጽሪ ገዛ 4 ዝርከብ ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ብቑጽሪ ምስክር ወረቐት 107940 መወከሲ ቁጽሪ 112080 ብስም ኣቦሓጎና ዓባይናን ማለት ኣፍ.ይግዛው ተስፉ ወልዱን ኣፍ.ይሕደጋ ደረሰኝን ተመዝጊቡ ዋንነቱ እተረጋገጸ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ብውርሲ ዝረኸብናዮ፣ ስም ዋንነት ናብ ስም ወረስቲ ከመሓላልፎ ስለዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ እዚ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፣ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪ ቤ/ጽ ካዳስተርን የቕርብ።

ወራሲትን ወከል ወረስትን ወ/ሮ ሙብራት ኣብርሃ ይግዛው

ቤ/ት ኣሊያንስ ፍራንሰዝ ስሩዕ ናይ ሓጋይ ትምህርቲ ቋንቋ ፈረንሳ ንንኣሽቱን ንዓበይትን ካብ ጀመርቲ ክሳብ ዝለዓለ ደረጃ ካብ ዕለት 8 ሚያዝያ ክጅምር ምዃኑ ከበስር ይፈቱ። ምቅርራብ ንዓለምለኻዊ ዲፕሎማ (DELF) ተዳሊልኩም ኣሎ። ምዝገባ ተጀሚሩ እዩ።
ብደሓን ምጹ ንዝያዳ ሓበሬታ ቁ.ስ 122605 / 115270
ኣድራሻና፣ ጎድኒ ቤ/ት ማይ ተስፋ ጥቓ ዓሮባና ሬስቶራንት እዩ።

# ዜና ወጻኢ

ሸዊት ተኽለ

## እስራኤል፡ ኣብ ደቡብ ቓዛ ሰራዊት ከምዝነከየት ገሊጻ

እስራኤል፡ ኣብ ደቡባዊ ክፋል ቓዛ ዝርከብ ብዙሓ. ሰራዊታ ትንክዮ ከምዝላ ድሕሪ ምግላጻ፡ ሓያሎ ፍልስጤማውያን ናብ'ታ ዝዓነወት ከተማ 'ካን ዩኒስ' ክምለሱ ከምዝጀመሩ ተሓቢሩ።

ምንካይ ሰራዊት፡ እቲ ኩናት ናይ ምዝዛም መልክዕ ይሕዝ ከምዘሎ ዘመልክት ከምዘይኮነ ዘገንዘቡ ተንተንቲ ፖለቲካ፡ እቲ ስጉምቲ - ታክቲካዊ ኣጀንዳ ክህልዎ ከምዝኽእል ኣጠንቂቖም።

ንኣዋርሕ ዝቐጸለ ብፈርቲ እስራኤል ክትድኮብዶብ ዝጸንሐት ከተማ ካን ዩኒስ፡ ብከቢድ ከምዝዓነወት እዩ ዝሕበር።

እስራኤል ሰራዊት ካብ'ታ ከተማ ከተውጽእ ምኽንያት ትገልጽ ዘላ፡ ተኾሲ ደው ናይ ምባል ስጉምቲ ክትወስድ - ኣህጉራዊ



ጸቕጢ ኣብ ዘጋጥማ ዘሎ እዋን እዩ።

እዚ ከም'ዚ ኢሉ እንከሎ፡ እስራኤል ልዕሊ 300 ናይ ረድኤት መካይን ናብ ቓዛ ክኣቱ ኣፍቂዳ ኣላ።

እዚ፡ ቅድሚ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ኣብ ልዕሊ እቲ ዝተኸርደነ መሬት ኩናት ካብ ዝጀምር - እቲ ዝለዓለ ማጠን ምኻኑ እዩ።

ትካላት ረድኤት ሕቡራት ሃገራትን ካልኦት ሰብኣዊ ጉጅለታትን፡ ሰብኣዊ ቅልውላው ቓዛ ንምፍታሕ - ብውሑዱ መዓልታዊ ካብ 500 ክሳብ 600 ሓገዝ ዝጻዕና ናይ ጽዕነት መካይን ከምዝድለያ የገንዝቡ።

ኣስታት 1.5 ሚልዮን ካብዞም ካብ ሰሜናውን ማእከላይን ቓዛ ዝተመዛበሉ ነበርቲ፡ ኣብ'ዚ እዋን እዚ ኣብ ደቡባዊት ከተማ ራፋሕ ተዓቚቦም ከምዝርከቡን ንቀጻሊ ደብዳብ እስራኤል ተቓሊዖም ምህላዎምን ይገልጹ።

ኩናት እስራኤልን ሓማስን ብ7 ጥቅምቲ ካብ ዝጀምር ኣትሒዙ፡ ካብ 100 ክሳብ 150 ዝኾና ሰብኣዊ ረድኤት ዝጻዕና መካይን ጥራይ እየን ክኣትዋ ተፈቒዱለን ዘሎ - ብመሰረት ጸብጻባት።

ይኹን'ምበር፡ እስራኤል፡ ምስግጋርን ምክፍፋልን ሓገዝ ናብ ቓዛ ንምቅልጣፍ ስጉምትታት ይወሰድ ከምዘሎ ብምምልካት፡ ካብ 7 ጥቅምቲ ጀሚሩ ኣብ 12,197 ናይ ጽዕነት መካይን 257,530 ቶን መግቢ ናብ ቓዛ ከምዝኣተወ ትሕብር።

## ደቡብ ኮርያ፡ ናይ ስለያ ሳተላይት ወንጪፋ

ደቡብ ኮርያ፡ ኣብ ስለያ እትገጥፍ ሳተላይት ንኻልኣይ ግዜ ናብ ጠፈር ከምዝወንጨፈት ተሓቢሩ።

ደቡብ ኮርያ ኑታ ሳተላይት ዘወንጨፈት፡ ሰሜን ኮርያ ኣብ'ዚ ዓመት'ዚ ብዙሓት ኣብ ስለያን ዳህሳስን ዝተጥፋ ሳተላይታት ክትውንጭፍ ምኻና ድሕሪ ምግላጻ - ድሕሪ ሓደት መዓልታት እዩ።

ሚኒስትሪ ምክልኻል ደቡብ ኮርያ ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ፡ "በዚ ዕዉት ምውንጫፍ - ናይ ስለያ፡ ምክትታልን ዳህሳስን ዓቕምና ዚያዳ ሓዩሉ ኣሎ" ኢሉ።

ኣብ 2025 ሓሙሽተ ወተሃደራዊ ናይ ስለያ ሳተላይታት ክትውንጭፍ መደብ ከም ዘለዋ እትገልጽ ደቡብ ኮርያ፡ ኣብ ሓውሲ. ደሴት ኮርያ ተኸሲቱ ዘሎ ወጥሪ እናወሰኸ ኣብ ዝኸደሉ ዘሎ እዋን፡ ምስ ሰሜን ኮርያ ናይ ምክትታል ዓቕማ ንምስፋሕ ኣብ ውድድር ከምእትርከብ ጸብጻባት የመልክቱ።

ሰሜን ኮርያ፡ ኣብ ዝሓለፈ. ወርሒ. ሕዳር 'ማሊግዮንግ-1' ዝተሰምየት ናይ ስለያ ሳተላይት ኣብ ሳልሳይ ፈተነኣ ክትውንጭፍ እንከላ፡ ደቡብ ኮርያ ድማ - ኣብ ዝቐጸለ ወርሒ. ተመሳሳሊት ሳተላይት ልኢኻ።



## ሞዛምቢክ - ጃልባ ብምጥሓላ ልዕሊ 90 ሰባት ሞይቶም



ኣብ ሰሜናዊ ሞዛምቢክ፡ ተሳፈርቲ ጾዒና ትጎዓዝ ዝነበረት ጃልባ ብምጥሓላ - መብዛሕትኦም ህጻናት ምዃኖም ዝተገልጹ ብውሑዱ 90 ሰባት ከም ዝሞቱ፡ ካብ'ቲ ቦታ ዝተፈነወ ዜና ሓቢሩ።

ካብ'ቲ ሓደጋ ዛጊት ሓሙሽተ ሰባት ጥራይ ክድሕኑ ከምዝኸኣሉ ዝገልጹ ጸብጻባት፡ ሓያሎ ካልኦት ደጋዎም ጠፊኦም ብምህላዎም - ቀጽሪ ግዳያት ክዕወሰኽ ተሰጊኡ ከምዘሎ ኣመልኪቶም።

እቶም ተሳፈርቲ፡ ካብ'ቲ ኣብ ግዝኣት ናምፑላ ተኸሲቱ ዘሎ ለበዳ ሾሮክ - ኣብኦም ንምድሓን ናብ ደሴት ሞዛምቢክ ይግዕዙ ኣብ ዝነበርሉ እዋን፡ እቲ ሓደጋ ከምዘጋጠመሞም እዩ ዝገልጽ ዘሎ።

ጠንቂ ሓደጋ፡ እታ ጃልባ ካብ ዓቕማ ንላዕሊ. ጾዒና ብምንባራ ምኻኑ ተሓቢሩ።

ብመሰረት ጸብጻብ ትካል ህጻናት ሕቡራት ሃገራት (ዩኒሰፍ)፡ ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ኣብ'ቲ ከባቢ. ተኸሲቱ ዘሎ ለበዳ ሾሮክ፡ ካብ'ቲ ቅድሚ 25 ዓመታት ዝተራእየ ዝኸፍአ እዩ።

ለበዳ ሾሮክ ተደጋጋሚ ዝኽስተላ ሞዛምቢክ፡ ካብ ዝሓለፈ. ወርሒ. ጥቅምቲ ንደሓር 13,700 ብሾሮክ ዝተታሓዙ ሰባት ክትምዝግብ እንከላ - ካብዚኣቶም እቶም 30 ከምዝሞቱ ተፈሊጡ።

## ብራዚልን ባንግላደሽን ክልተኣዊ ርክበን ንምድልዳል ስምምዕ ከቲመን

ባንግላደሽን ብራዚልን፡ ክልተኣውን ንግዳውን ርክበን ዚያዳ ንምድልዳል ዘኽእለን ስምምዕ ከምዝኸተማ ተሓቢሩ።

እቲ ስምምዕ፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ. ብራዚል ማውሮ ቪየራ ምስ ባንግላደሻዊ መዘናኡ ሓሰን ማሕሙድ - ኣብ ዳካ ርእሰከተማ ባንግላደሽ ኣብ ዝነበርዎ ፈላማይ ርክብ እዩ ተበጺሑ።


ክልቲኦም ሰበስልጣን፡ ኣብ ዓውድታት ሕርሻ፡ ጥዕና፡ ሳይንስ፡ ቴክኖሎጂን ምህዞን፡ ትምህርቲ፡ ለውጢ. ክሊማን ካልኦትን ምትሕብባርን ሽርክነትን ምዕባይ ኣገዳሲ. ምዃኑ ተሰማሚዖም።

ብዘይካ'ዚ. እቶም ሰበስልጣን፡ ኣብ ቴክኒካዊ ምትሕብባር መሰረታዊ ስምምዕ ፈሪሞም ኣለው።

ሓሰን ማሕሙድ ድሕሪ እቲ ኣኼባ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ "ኣብ ዝተፈላለዩ ጉዳያት ኣዝዩ ጽቡቕን ዕዉትን ዘተ ኣካይድና ኣሎና" ክብል ንማዕከናት ዜና ሓቢሩ።



## ኣብ ሩስያ፡ ዕልቕልቕ ንዋታውን ኣከባብያውን ዕንወት ኣውሪዱ



ኣብ ሩስያ ብዘጋጠመ ሓደጋ ዕልቕልቕ፡ ንዋታውን ኣከባብያውን ዕንወት ከምዘወረደ ተገሊጹ።

እቲ ሓደጋ ዘጋጠመ፡ ኣብ በርኽቲ ኣኽራናት 'ኡራል' - ዝመኸሸ በረድ ኣብ'ቲ ከባቢ. ምስ ዝወቐዐ ብርቱዕ ዝናብ ተደሚሩ፡ ፈለግ 'ኡራል' መሊኡ ብምፍሳሱ እዩ።

ኣብ ኣኽራን 'ኡራል' ዝርከብ ክልተ ከተማታት ከምዝዕለቕለቓ ዝጠቐሱ ሰብ መዚ. ሲቪላዊ ድሕነት ሩስያ፡ ልዕሊ.10 ሽሕ ኣባይቲ ብምፍራሱ፡ ብዙሕ ህዝቢ. ብዘይ መጽለሊ. ከምዝተረፈ. ገሊጾም።

ግዳያት ንምርዳእን ብውሕጅ ዝተኸርደኑ ናብ ውሑስ ከባቢ. ንምግዓዝን፡ ጽዑቕ ንጥፈታት ይካየድ ከምዘሎ ድማ ሓቢሮም።

ኣብ ካልኦት ከባቢታት እውን ተመሳሳሊ. ሓደጋ ከጋጥም ዘሎ ተኽእሎ ልዑል ምዃኑ ዝሓበረ መንግስቲ ሩስያ፡ ህጹጽ ቅድመ-ምድላዋት ክግበርን ኣብ ተኣፋፊ ከባቢ. ዝርከቡ ዜጋታት ክግዕዙን ኣዚዙ ኣሎ።

ኣብ ሓያሎ ከባቢታት ዓለም፡ ክሊማዊ ለውጢ. ዝጠንቁ ተፈጥሮኣዊ ሓደጋታት ዛዩዱ ምህላዉ. - ክኢላታት ኣከባ. የጠንቅቑ።

### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | መደብ ስሩጥበብ |
| 12:30 | ዜና ትግርኛ |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ጨፌራ ጥዕና |
| 13:30 | ዜና ዓረብ |
| 13:45 | ለስ ስፖርት |
| 15:30 | ዳህሳስ ሕትመት |
| 16:15 | ሰሙናዊ ስፖርት |
| 17:00 | ዜናትግርኛ |
| 17:15 | ደርፊ |
| 17:30 | ዜና ዓረብ |
| 17:45 | ዶክተራት ኣብ ስቱድዮ |
| 18:30 | ዶክመንታሪ |
| 19:25 | ሃሎ ቆልዑ |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:15 | ሄረር |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | እንዳ ዝማም |
| 22:00 | ዜና ዓረብ |
| 22:10 | ሌላ |
| 22:30 | ዜና እንግሊዝ |


ተረኛ ፋርማሲ
ፋርማሲ. ቅሳነት
ፋርማሲ. ሰላማዊ
ፋርማሲ. ኢምፔሮ

ዕለት
09/04/2024

ጎደና
ጎደና ሓማሴን ቁ.45 ከባቢ. ማይ ኣባሻውል
ጾደና ሮራ መንሳዕ ቁ.ገዛ19 ፊት ፋብሪካ ሚዛን ኢያሱ
ጎደና ሓርነት ቁ.158፡ ፊት ሲነማ ኢምፔሮ

ቁ.ስልኪ.
110911
07463110
121480

ፋርማሲ. ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services